# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 29 ዓመት ቁ.46 | ዓርቢ 25 ጥቅምቲ 2019 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ቅልውላው ማይ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ



ገጽ 3
ብኽመይ ልሙጽን ዘይዓጠረን ...




ገጽ 5
ህዝብታትን ባህልታቶምን



ገጽ 6
ብደሆታት ኣፍሪቃ ...




ገጽ 13
መሲ ሓድሽ ክብረወሰን ሒዙ




# ኤርትራ፡ ኣብ ኣኼባ ባኩ-ኣዘርባጃን ተሳቲፋ




ኤርትራ፡ ብ23ን 24ን ጥቅምቲ ኣብ ከተማ ባኩ-ኣዘርባጃን ኣብ ዝተኻየደ መዳለዊ ሚኒስተራዊ ኣኼባ ንመበል 18 ኣኼባ መራሕቲ ሻራ ዘይብለን ሃገራት ተሳቲፋ።

ኣብዚ ወከልቲ 120 ኣባል ሃገራት ዝተሳተፋሉ ኣኼቡ፡ ቀዋሚት ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣምባሳደር ሶፍያ ተስፋማርያም፡ መርገጺ ኤርትራ ኣብ ዞባዊ ምዕባለታት ሰላምን ምትሕግጋዝን፡ ከምኡ'ውን ብጉልባብ ሰብኣዊ መሰላት - ፖለቲካዊ ኣጀንዳታት ንምስጉዳድ ዝግበር ዘሎ ዓሎቕ ዘጽር ቃል ኣቕሪባ።

"እዚ ኣኼባዚ፡ ነቲ ሓበራዊ ምኽባር ልኡላውነት፡ ዘይምትእትታው ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያትን ማዕርነትን ዝብል ዝርከቦ - ዓሰርተ መትከላት ባንዱንግ ዘረጋገጸ እዩ" ክትብል መደረኣ ዝጀመረት ኣምባሳደር ሶፍያ፡ ምድልዳል ኣህጉራዊ ሰላምን ጸጥታን እቲ ኣውራ መትከል ምንቅስቓስ ሻራ ናይ ዘይብለን ሃገራት ብምዃኑ፡ እቲ ምንቅስቓስ ነቲ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝርአ ዘሎ እወታዊ ምዕባለታት ኣፍልጦ ምሃቡ ሞጉሱ።

ታሪኻዊ ሓበራዊ ስምምዕ ሰላምን ምሕዝነትን ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ስሉሳዊ ስምምዕ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሶማልያን ንምድልዳል ዞባዊ ሰላምን ጸጥታን፡ መራሕቲ ኤርትራ፡ ኢትዮጵያን ደቡብ ሱዳንን ዞባዊ ወሃደት ንምድንፋዕ ዘውጽእዎ ሓበራዊ መግለጺ፡ ከምኡ'ውን ኤርትራን ጅቡቲን ሓድሽ ናይ ምትሕግጋዝ ምዕራፍ ንምርሓው ዝኣተዋኦ መብጽዓ፡ ኣብ'ቲ ንዓሰርተታት ዓመታት ብምጥርጣርን ግጭትን ተገቢኡ ዝጸንሐ ዞባ፡ መዋእል ሰላምን ተስፋን ከምዝኸፈተ ኣብሪሃ።

ኣብ'ዚ ቀረባ እዋናት ኣብ ሪፓብሊክ ደቡብ ሱዳንን ሪፓብሊክ ሱዳንን ዝተራእየ ምዕባለታት እውን ንድሌታትን ምጽዋትን ዘሎቒ ምዕባለ ህዝብታት ናይ'ዚ ዞባ ብፍላይ፡ ኣህጉርና ኣፍሪቃ ድማ ብሓፈሻ ክብ ዝበለ ምኻኑ ዝጠቐሰት ኣምባሳደር ሶፍያ፡ ኤርትራ ምስ ጉረባበታ ሓበራን ተወሃሂዳ፡ ንተሃድሶ ናይ'ዚ ዞባን ምዕዛዘ ሰላም፡ ጸጥታን ቁጠባዊ ወሀደትን ከም እትሰርሕ ኣረጋጊጻ፡ ኤርትራ ንስለ'ቲ "ፖለቲካዊ ናጽነትን ዘይምትእትታው ኣብ ሓድሕዳዊ ጉዳያትን" ዝብል መትከላት ምንቅስቓስ ሻራ ናይ ዘይብለን ሃገራት፡ ብጽንዓት ደው ኢላ ከም እትምጉት ድማ ኣነጺራ።

ኣምባሳደር ሶፍያ፡ ዕቱብነት ትግባረ ኣህጉራዊ ሕጊ ዝላቓቕት ኣህጉራዊ ሰላምን ጸጥታን ኣገዳሲ ምዃኑ - ጽንዕ እምነት ኤርትራ ከምዘሎ ብምግላጽ፡ ምብኳር ናይ'ዚ፡ ንተወሳኺ ግጭት፡ ዘይምርግጋእን ጉንጽን ስለዘቃልል ዕቱብ ቁላሕታ ክወሃቦ ከምዝግብኦ ኣገንዚባ።

ንጉዳይ ሰብኣዊ መሰላት ብዝምልከት፡ ኤርትራ - ኩሉም ሰብኣዊ መሰላት ብዘይኣፈላላይ፡ ማዕረ ኣድህቦ ክወሃቦም ጸቒጣ ከምእትሓትት ብምሕባር፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ፖለቲካዊ ኣጀንዳታት ንምስጉዳድ፡ ምትእስሳር ምስ ዘይብሎም ጉዳያት ከም መሳርሒ ክለዓል ምርኣይ ዘሕዝን ምዃኑ ገሊጻ፡ ኤርትራ፡ እዚ ጉዳይ'ዚ ብዕቱብ ክዝተየሉ ከምእትደሊ ድማ ኣዘኻኺራ።

መበል 18 ኣኼባ መራሕቲ ሻራ ዘይብለን ሃገራት፡ ሎሚን ጽባሕን ክካየድ እዩ።

# ጊንዳዕ - ኣብ ኣተገባብራ መደባት ልምዓት ተዘትዩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ፡ ኣመሓደርቲ ከባቢ፡ ኣካላት መንግስትን ወከልቲ ህዝብን ዝተሳተፍዎ ልምዓታዊ ርክብ ተኻይዱ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ኣቶ ዑመር ያሕያ ሓጂ፡ ኣብ መንጎ ምምሕዳራትን ኣካላት መንግስትን ዘሎ ዝምድና ብምሕያል፡ ኣብ ኣተገባብራ ልምዓታዊ መደባት ድርኺት ንምፍጣር ዝዓለመ ርክብ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣብ ጥዕናውን ትምህርታውን መዳያት ዘሎ ንቕሓት ንምብራኽ ኣብ ዝካየድ ንጥፈታት፡ ተራ ኣመሓደርቲ ከባቢን ወለድን ኣተኩሮ ክወሃቦ ኣቶ ዑመር ኣዘኻኺሩ።

ሕሩም ሕዛእቲ ዕቱብ ምክትታል ክግበረሉ እውን ኣተሓሳሰበ።

ተሳተፍቲ፡ ምስ ምኽላል ሕሩም ሕዛእቲ መተካእታ ጸዓት ክቀላጠፍ፡ ንሓደጋ ውሕጅ ኣብ ዝተቓልዐ ከባቢ ተደኩኑ ዝርከቡ ኣባይቲ - ናብ ውሑስ ቦታ ዝግዕዙሉ ኩነታት ክፍጠር፡ ዝብሉን ካልኦትን ለበዋታት ኣቕሪቦም።

# ሓረስቶት ዓዲ-ተከሌዛን ሞያዊ ሓበሬታታት ተለዋዊጦም

ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ዞባ ዓንሰባ ንሓረስቶት ንኡስ ዞባ ዓዲ-ተከሌዛን ኣብ ሕርሻዊ ንጥፈታቶምን ምድንፋዕ እቶታውነቶምን ዝሕግዞም - መድረኽ ምልውዋጥ ሞያዊ ሓበሬታታት ወዲቡ።


እቲ ብ21 ጥቅምቲ ኣብ ፕሮጀክት ሕርሻ ኣብነታዊ ሓረስታይ ኣቶ ገብረማርያም ክፍለ ዝተኻየደ መደብ፡ ሓረስቶት ኣብ ምሩጽ ዘርኢ ስርናይ ዝጸንሖም ተመኩሮን ሞያዊ ፍልጠትን ንምብራኽ ዝዓለመ ነይሩ።

ኣብ'ቲ ካብ ዓዲተከለዛን፡ ደቂ ጉብሩ፡ ደቂ ዘርኡ፡ ዋሪ፡ ኰላጉልን ደቀምሓረን ዝመጹ 85 ሓረስቶት ዝተሳተፍዎ መድረኽ፡ ግዚያዊ ሓላፊት ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ዞባ ዓንሰባ ወ/ሮ ክብራ ገብረመስቀል፡ ተጠቃምነት ምሩጽ ዘርኢ ኣብ እቶትን እቶታውነትን 50 ሚእታዊት ኣበርክቶ ከምዘበርከተ ዘተረፈ ሓምሳ ሚእታዊት ድማ ኣብ ደለውቲ ሓረስታይ፡ ምድኻዕ ግራውቲ፡ ከምኡ'ውን ምክትታልን ምእካብ ምህርትን ከምዝምርኮስ ሓቢራ።

ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ዝጥፋ ሞያውያን ሕርሻ፡ ንበሊጽነት ምሩጽ ዘርኢ ስርናይ ዝምልከት ሓበሬታ ድሕሪ ምሃብ - ሓረስቶት ኣብ ኣዘራርኣ፡ ኣደኻኽዓ፡ ኣተዓቓቕባ ማይን ሓመድን ካልእን ሓሳብ ተለዋዊጦም።

እቲ ብምኽንያል ምርምር ሕርሻ ሓልሓለ ዝተዋህበ 'ሰድራ' ዝዓይነቱ ምሩጽ ዘርኢ ስርናይ ለሚዑሉ ዘሎ ልዕሊ 4.5 ሄክታር ፕሮጀክት፡ ገለ ክፋሉ ንዓጺድ ተቐሪሩቡ ከምዘሎ ዝሓበረ ኣብነታዊ ሓረስታይ ኣቶ ገብረማርያም ክፍሉ፡ ኣብ ናይ ሰለስተ ዓመታት ተመኩሮኡ፡ ን125 ሓረስቶት ምሩጽ ዘርኢ ከምዘዋደለ ገሊጹ።





ስ/የሱፍ እድሪስ

# ኣህጉራዊ ጉዳያት

ተስፋኣለም የማነ

ሳልሳይ ክፋል

## ስዑዲ-ዓረብ

ሃገረ ስዑዲ-ዓረብ፡ ኣብ ዓለም ንሽኽዘቓላ ተኸቲላ ዝጠዝሐ መጠን ዕቑር ነዳዲ ዝተዓደለት ሃብታም ሃገር ጥራይ ዘይኮነት፡ ብሰደድ ነዳዲ እውን መወዳድርቲ የብላን። ኣብ ከርሲ መሬታ ንኣስታት 80 ዓመታት ክኣክል ዝኽእል ኣስታት 268 ቢልዮን በርሚል ዝግመት ዘይተጻረየ ነዳዲ ዘይቲ (ኣብ ዓለም ካብ ዘሎ መጠን ዕቑር ነዳዲ ሓደ ሕምሲት ይሽፍን) ኣለዋ። እዚ ማለት ድማ፡ ምስቲ ካልእ ኣብ ከርሲ መሬታ ዝርከብ ዝተፈላለየ ማዕድናት ተደሚሩ ልዕሊ 34 ትሪልዮን ዶላር እቶት ከፈልፍለላ ይኽእል። እታ ሃገር፡ ኣብዚ እዋን መዓልታዊ ኣስታት 10.3 ሚልዮን በርሚል ዘይተጻረየ ነዳዲ ተፍሪ ኣላ፤ ካብኡ ድማ እቲ ኣስታት 7.4 ሚልዮን በርሚል ናብ ዕዳጋታት ዓለም ትልእኮ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ባዕላ ካብ ነዳዲ ዘይቲ እናጻረየት ዝተፈላለየ ምህርቲ ንደገ ሰደድ ትገብር። ብኡ መጠን ከኣ ዘይተኣደነ ናይ ወጻኢ ሸርፊ ትግሕጥ።

ንኣብነት ኣብ 2017፡ ካብ ሰደድ ነዳዲ ዘይቲ 171 ቢልዮን ዶላር እቶት ረኺባትሎ። እዚ ከኣ ኣስታት 90 ሚእታዊት ካብ ጠቕላላ ኣታዊታታ ይሽፍን። እዛ ኣብዚ እዋን ብዝሒ ህዝባ 33.4 ሚልዮን (ካብኣቶም እቶም ኣስታት 12.7 ሚልዮን ዜጋታት ካልኦት ሃገራት እዮም) በጺሑ ከም ዘሎ ዝንገረላ ዓረባዊት ሃገር፡ ካብ ሰደድ ነዳዲ ዘይቲ፡ ባሕርያዊ ማዕድናት፡ ቱሪዝምን ካልእን ዓመታዊ እትግሕጦ እቶት ንሽሎም ዜጋታታ ብማዕረ ክመቓረሕ እንተኸውን ነፍሲ-ወከፎም ልዕሊ 54 ሽሕ ዶላር ደብጽሖም - ብመሰረት መንግስታውያን ጸብጻባት'ታ ሃገር። እዚ ከኣ ሓንቲ ካብተን ብደረጃ ዓለም ዝሃብተማ ሃገራት ይገብራ። እዚ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንግዝኣት ስዑዲ-ዓረብ ዝዓብዩት ምንጪ ወይ መጋቢት ዕዳጋ ነዳዲ ዓለምና ከም ምኳና መጠኑ ኣብ መድረኽ ዓለም ብሓፈሻ፡ ኣብ ዞባ ማእከላይ ምብራቕ ድማ ብፍላይ ብቐሊሉ ዘይጥመት ልዑል ፖለቲካውን ቁጠባውን ጽልዋታት ንኽህልዋ ኣኽኢሉዋ እዩ።

እዚ ይኹን'ምበር፡ ተፈጥሮ ነዚ ዝጠዝሓ ሃገራት ዓለም ተማህሊለን ክረኽብኦ ዘይክኣላ ብ'ጸሊም ወርቂ' ዝፍለጥ ሃብቲ ዓዲሉ ክብቅዕ፡ ብሓደ ምስ ትንፋስ ተኣሳሲሩ ክግለጽ ዝኽእል ኣገዳሲ ጸጋ ግን ምሒር ወጺዑዋ እዩ። ንሱ ድማ ናይ ማይ ጸጋ እዩ። ማይ እንተ ዘየለ ህይወት ከም ዘየሎ፡ ካብ ጥንታውያን ሃገራት (ፈርኦናት) ግብጺ ንላዕሊ ዘስተውዓሉ ወገን ክህሉ ይኽእል'ዩ ኢልካ ምሕሳብ ኣጸጋሚ እዩ። ጥንታውያን ግብጻውያን ኣብ ልዕሊ ፈለግ ኒል ዝነበሮም ኣመለኻኽታ ንምፍላጥ ምስ እንነብብ፡ ናይ ሎሚ ግብጻውያን በቲ ኢትዮጵያ ኣብ ከባቢ ዶብ ሱዳን እትሃንጾ ዘላ ዓቢይ ግድብ ሻቕሎቶምን ተቓውሞኦምን ክገልጹ እንተ ተሰምዑ፡ ካብኡ ሓሊፎም'ውን መስርሕ ህንጻቱ ደው ንምባል ላዕልን ታሕትን ክብሉ እንተ ተራእዩ ዘገርም ኣይኮነን - ኢትዮጵያ ዝመራሐተን ሃገራት ኣፍሪቃ ንኣጠቓቕማ ናይቲ ፈለግ ኣመልኪተን ኣብ 1929 ብወኪልና ብሪጣንያ ምስታ ዓረባዊት ሃገር ዝኸተማኦ ውዕል ኣብዚ እዋን ርትዓዊ ደዩ ኣይኮነን ዝብል ሕቶ ብዘየገድስ። ምኽንያቱ እቲ እሳት ዝተፍእ ሓጻ ዝዋብሎ ሰፊሕ ከርሲ መሬቶም እንትርፎ እዚ ሎሚ እናበለ ዝጉዓዝ ፈለግ ካልእ ዘይቲ ሃብቲ ስለ ዘይብሉ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ኤርምያስ ገብረልዑል

ሺሃብ ኣርኣያ

ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (2214)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ሳምራዊት መለስ

ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ

ሰማያዊት ሓይለኣብ

ቤተልሄም ታደሰ

ፍናን ሚኪኤለ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ. 200454-07121322

ምልክታ

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


# ቅልውላው ማይ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ



ሓደ ካብ ትካላት መጻረዪ ጨዋም ማይ

እታ መሬታ ዳርጋ ምሉእ ብምሉእ ኣጻምእ ምኳኑ ዝንገረላ ንግዝኣት ስዑዲ-ዓረብ ግን፡ ኣብ 1938 ከዕታ ነዳዲ ክትጀምር እንከሎ፡ ብዘዕባ'ቲ ዕቑር ሃብቲ ከፈልፍለላ ዝኽእል ዘይተኣደነ በረኸት እናሓሰበት ካብ ምድሳትን ምንያትን ሓሊፉ፡ ብዛዕባ ኣብ መጻኢ ከጋጥማ ዝኽእል ሕጽረት ማይ ፈጺማ ኣይሓሰበትን። ክሳብ'ዚ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን ኣብ ማይ ክትክተሎ ዝጸንሐት ፖለሲ'ውን፡ ንዘለዋ ክዑር ዋሕዲ ናይ ማይ ጸጋታት ፈጺሙ ኣብ ግምት ዘእተወ ኣይኮነን። እኳ ደኣ ብኣንጻሩ ልዕሊ'ተን ኣብ ዓለም ብሃብቲ ማይ ዝተፈልጣ ቀዳሞት ሃገራት በሽብሽ እናበለት እያ ክተህልኾ ጸኒሓ - ብመሰረት ዝተፈላለዩ ጸብጻባት።

እዞም ጸብጻባት ከም ዝመልክቱዎ፡ ስዑዲ-ዓረብ ንኣስታት 2.15 ሚልዮን ትርብዒት ኪሎሜተር ዝዘርጋሕ ኣዝዩ ሰፊሕ መሬት ዝተዓደለት ሃገር ክንሳ፡ ኣብ ዓለም እታ እንኮ ዝርዩ ውሒዝ ይኹኑ ቀላያት ዘይብላ እያ - ነቲ ኣብ ምብራቓዊ ከርሳ ዝርከብ ኣስታት 20 ሽሕ ሄክታር ስፍሓት ዘለዎን ካብ መስመራት ረሳሕ ፈሳሲ ናይ ሓያለ ከተማታት ዝምንጩን ቀላይ ኣል-ኣስፋር ኣብ ግምት ከየእተኻ ማለት'ዩ። እዚ ባህርያዊ ዘይኮነን ዕምቈት ዘይብሉን እኳ ቀላይ'ውን እንተ'ኸኑ፡ ንሕርሻ እንተ ዘይኮይኑ ንመስተ ሰብ ዝውዕል ኣይኮነን - ዝተጻረየ ስለ ዘይኮነ። ስለ ዝኾኑ፡ እታ ሃገር መዓልታዊ ንመስተ ሰብ፡ ንኢንዱስትርን ሕርሻን እተግልገሉ ዓቐን ማይ ፍርቁ (50 ሚእታዊት) ካብ ትሕተ-ባይታ (ዓቢይቲ ዒላታት) እዩ ዝምንጩ። እቲ ዝተረፈ ዓቐን ማይ ድማ ኣብ ገማግም ባሕሪ ካብ ዘይኮኑተን - ንጨዋም ማይ ባሕሪ እናጻረያ ናብ ጥዑም ማይ ዝልውጣ መጻረዪ ትካላት ትረኽቦ። እታ ሃገር፡ ኣብዚ እዋን ንማይ ባሕሪ ናብ ጥዑም ማይ ዘጻርያ ኣብ 17 ዝተፈላለየ ከባቢታት ዝተደኮናን ንልዕሊ 10 ሽሕ ዜጋታት ናይ ስራሕ ዕድል ዝፈጠራን 31 ትካላት (desalination plants) ኣለዋኣ። መዓልታዊ ድማ ብድምር ኣስታት 31.5 ሚልዮን ሜተር ክዩብ ማይ እናጻረያ ንመስተ፡ ንሕርሻን ንኢንዱስትሪታትን ይቐርባ።

ስዑዲ-ዓረብ፡ ኣብ ልዕሊ ከርሲ መሬታ ዝዓቘረ ወይ ውሑዝ ማይ ደኣ'ሉ ዘይብላ'ምበር፡ ብዕቑር ትሕተ-ባይታዊ ማይ'ሲ ኣዝያ ሃብታም ከም ዝኾነት'የም ዝተፈላለዩ ክኢላታት ዝገልጹ። ብመሰረት እዞም ክኢላታት ዘቕረብዎ መጽናዕቲ፡ ኣብቲ ዝናብ ሰማይ ዝተሓረመ ሰፊሕ ምድረበዳኣ ዘመናዊ ሕርሻ ከተተኣታቱ ቅድሚ ምጅማራ፡ ኣብ ትሕቲ ከርሳ (ካብ 100 ክሳብ 500 ሜትሮ ኣብ ዝዕምቈቱ ቀጻላ) ኣስታት 500 ከብክ ኪሎ ሜተር ዓቐን ዘለዎ ዝዓቘረ ማይ ነይሩዋ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ግን ኣርባዕተ ሕምሲት (4/5) ካብቲ ዕቑር ማይ ሓንጊፉቶ ኣሎ። እቲ ኣገባብ ኣጠቓቕማ ብኸምዚ ዘለዎ እንተ ቀጺሉ፡ ተሪፉዋ ዘሎ ዓቐን ትሕተ-ባይታዊ ማይ ኣብ ውሽጢ ሓደት ዕቑዳት (10ታት) ዓመታት ክሕንኮኽ ምኳኑ ድማ የጠንቅቑ። ውድብ መግብን ሕርሻን ሕቡራት ሃገራት (FAO) ብወገኑ ኣብ 2008 ኣብ ዘዘርግሖ መጽናዕታዊ ጸብጻብ፡ እታ ሃገር ማይ ናይ ምቁጣብ ስልጡን ባህሊ ኣብ ዜጋታታ ከተሰርጽ፡ ንጨዋም ማይ ባሕሪ ናብ ጥዑም ማይ ናይ ምጽራይ ዓቕማ ብዕጽፊታት ክተጕልብቶ፡ ከምኡ ድማ ካብ ከተማታታ ንዝዛረ ረሳሕ ፈሳሲ እናጻረየ ናብ ጽሩይ ማይ ዝልውጥ ቴክኖሎጂ ብሰፊሑ ከተተኣታቱ እንተ ዘይክኢላ፡ ድሕሪ 25 ዓመታት ካብ ትሕተ-ባይታ ዝጭምንዖ ማይ ከም ዘይህልዋ ኣጠንቂቑ ነይሩ።

እዚ ክበሃል እንከሎ ግን፡ ኣብ ዓቐን ናይቲ ተሪፉ ዘሎ ማይ ይኹን ዝሕንኮኸሉ ግዜ ዘይሰማምዑ ወገናት ኣለው። ገለ ካብኣቶም፡ እቲ ካብ ቅድሚ ኣሽሓት ዓመታት ኣትሒዙ ብዝናብ ሰማይ ክውህለል ዝጸንሐ ትሕተ-ባይታዊ ማይ፡ ኣብ ቀረባ ዓመታት ክሕንኮኽ እዩ ኢልካ ኣብ መደምደምታ ምብጻሕ ግጉይ ምኳኑ ብምግላጽ፡ ብሕጂ ን100 ዓመትን ልዕሊኡን ከስቲ ተኽእሎ ከም ዘለዎ የመልክቱ። ብዙሓት ዜጋታት ስዑዲ-ዓረብ እውን ዘይከምቲ ሊቃውንቲ ዝሰግኡዎ ዘለዉ ብመጻኢ ዕድል ጸጋታት ማይ ሃገሮም ሻቕሎት ከም ዘይብሎም ወሲኾም ይሕብሩ።

ይቕጽል

## ለሚ መደባት ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 11:45 | ዶክመንታሪ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ካብ ዞባታት |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ ብቕጥታ |
| 15:30 | ሙ/ድራማ |
| 16:10 | ዶክመንታሪ |
| 17: 00 | ዜና ትግርኛ |
| 17: 20 | ሙ/ድራማ |
| 17: 30 | ዜና ዓረብ |
| 17: 40 | መደብ ሞዛይክ |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:10 | ገሊብ ድሓን/ቴራብ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ጨቲራ ጥዕና |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |

*ብኻልኣይ ማስመር ተለቪዥን ኤርትራ ዝፍኖ ጸወታ ኩዑሶ እግሪ ኣሎ። ሳውዝሃምፕተንን ማንቸስተር ሲቲን ሰዓት 10:00 ምሸት።*



# ጥዕና







ሱሌማን ኣሕመድ

## ብኸመይ ልሙጽን ዘይዓጠረን ቆርበት ሰብነት ክህልወና ይኽእል?

ዕድመ ብዘየገድስ ልሙጽን ዘይዓጠረን ቆርበት ሰብነት ክህልዎ ዘይደሊ ሰብ የለን። ኣብዚ ግዜ'ዚ ዝኾነ ንምግባር ሓያሎ ዘመን ኣምጽኦ መድሃኒታትን ክሬምን'ኳ ይፈሪ እንተሎ፡ ኣብ ጥዕና ቆርበት ሰብነትና ዘለዎም ሃሲያ ግና ከቢድ ይኸውን ከም ዘሎ እዮም ሓኪይም ዝሰማምዑሉ። እዚ ብፍላይ ኣብ ደቀንስትዮ ጊዜ ዝርአ ዘሎ ጸገም'ዩ። ኣሰዒብና፡ ካብዚ ጎድኒ ነገራት ወጻኢ ብኸመይ ልሙጽ ቆርበት ሰብነት ክህልወና ከም ዝኽእል ዘረጋግጹ ነጥብታት ክንዝርዝር ኢና፦

ጽሬት ቆርበትና ምሕላው፦ ቆርበትና ብፍላይ ደማ ገጽና ንብረትና ዝተቓለዐ ብምዃኑ፡ ኣብ ከባቢና ብዘለው ታህዋሲያን፡ ጸርጊ፡ ጸሓይ፡ ደሮናን ካልእ በከልቲ ከሚኮላትን ብቐሊሉ ክጥቃዕ ይኽእል። ስለዚ፡ ገጽና ብፍሉይ ኣብ መዓልቲ ልዕሊ ክልተ ሰለስተ ግዜ ክንሓጽቦ ተመሪጺ እዩ። ኣብዚ ብዙሕ ቅብኣት ዘይብሉ ፍኹስ ዝበለ ሳሙና ክንጥቀም ይግባእ። ገለ ሰባት ኣብ ቆርበቶም ቅብኣት ዘይብሎም ኣለዉ። እዚኣቶም ግና ቅብኣት ዘለዎ ተሪር ሳሙና ክጥቀሙ ተመሪጺ ምዃኑ ክኢላታት ይሕብሩ።

ቆርበትና ጠሊ ንኽህልዎ ምሕላው፦ እናዓበና ማለት ዕድመ እናወሰኽና ኣብ እንኸይደሉ እዋን ቆርበትና ንኽልስልስ ዝሕግዝ ቅብኣት ዘፍሪ ጸኒታት ኣካላትና እናንደለ'ዩ ዝኸይድ። ድርቀት ቆርበትና፡ ዋላ'ኳ ሻቡ ብቐጥታ ምጭምዳድ ዘስዕብ ኣይኹን፡ ንምጭምዳድን ምዕጣርን ቆርበት ከም ዘቀላጥፎ ግና ሓኪይም ይሰማምዑ። ስለዚ ቆርበትና ጠሊ ክህልዎ እንተኾይኑ፡ ብፍላይ ልዑል ትሕዝቶ ቫይታሚን 'ሲ' ዘለዎም ፍሩታታት ምምጋብ ኣገዳሲ እዩ።

ንሓያሎ ሰዓታት ንጸሓይ ብርሃን ዘይምቅላዑ፦ ኑብሾካ ንጸሓይ ብርሃን ንሓያሎ ሰዓታት ከተቃልዕ ዘይምኽኣልካ እቲ ዝበለጸ ልሙጽ ቆርበት ሰብነት ክህልወካ ዝሕግዝ ኣገባብ እዩ። 80 ሚእታዊት ቆርበት ሰብነትና ከቢሸዉ ዝኽእሉ ከም ምሕርፋፍ፡ ምጭምዳድ፡ ምቁርራጽ ሻምብቆታት ደም ናይ ቆርበት ወዘተ ዝኣመሰሉ ምልክታት ንሓያሎ ሰዓታት ንጸሓይ ብርሃን ብምቅላዕና ዝስዕቡ ጸገማት እዮም።

ሕማቕ ልምድታት ዘይምዝውታር፦ ከም ሽጋራ ምትካኽን ጸዕቕ መስተ ምውሳድን ካብ ዝኣመሰሉ ልምድታት ነጻ ምዃን ሓደ ካብቶም ዝበለጹ ንጥዕና ቆርበት ሰብነት ንምሕላው ዝሕግዙ ኣገባባት እዮም። መጽናዕቲታት ከም ዘመልክትዎ፡ ሽጋራ ምትካኽ ኣብ ዘይግዚኡ (premature) ምጭምዳድ ቆርበት ሰብነት የስዕብ። ኣብ መዓልቲ ክሳብ ክልተ ጥቕ ሽጋራ ን25 ዓመታት ከየቋረጹ ዘትከኹ ሰባት ብምጭምዳድ ቆርበት ክጥቅዑ ዘለዎም ተኽእሎ ብሓሙሽተ ዕጽፊ ዝዐደ ምዃኑ እቶም መጽናዕቲታት የጽንዑ።

ኣብ እንወስዶ ፈሳሲን ደረቕ መግብን ጥንቃቐ ምግባር፦ ኣብ መዓልቲ ክንደይ ዝኣክል ማይ ከም ዝሰተኻ ትጉብሮ ኣደኒሆ ኣብ ኣቀራርጻኻን መልክዕኻን ብዙሕ ለውጢ ከም ዘሎ ኣመራፂት ክኢላ ቆርበት ክረስቲና ሃርት ትዛረብ። ኣብ መዓልቲ ካብ ሸዱሽተ ክሳብ ሸሞንተ ብኬሪ ማይ ወይ'ውን ካፌንን ኣልኮልን ዘይብሉ ከሚካላት ዘይብሎም ካልእ ዓይነት ፈሳሲ ምውሳድ፡ ቆርበት ሰብነትና ጠሊ ክህልዎ ሓጋዚ ምዃኑ እታ ክኢላ ትምዕድ።

ንሳ ኣሰዒባ ኣመጋግባና ካብ ኣብ ልዑል ፕሮቲን ዘለዎም መግብታት ከም ኣሕምልትን ፍረታትን ዝኣመሰሉ ልዑል ቫይታሚን ዘለዎም መግብታት ምዝዋው ተመሪጺ ምዃኑ ተሰምረሉ።

እወታዊ ኣተሓሳስባ ይሃልኻ፦ ነጸብራቕ ናይቲ ኣብ ሓንጎልካ ዘሎ ኣተሓሳስባ ገጽካ እዩ ዝብል ኣበሃህላ ኣሎ። ሕርቃን፡ ጭንቀት፡ ጸቕጢ ከሎም ዝኣረገ ቆርበት ንኽህልወካ ዝገብሩ ኣሉታዊ ስምዒታት እዮም። ስለዚ ካብ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ስምዒታት ተቖጠብ፡ ከሉ ግዜ ሕጉስ ክትከውን ፈትን።

ንጥዕና ቆርበትና ዘገድሱ መግብታት

* ስቡሓዊ ዓሳ፦ ከም ሳልሞን ዝኣመሰሉ ስቡሓ ዘለዎም ዓይነት ዓሳ ንጥዕና ቆርበትና ኣገደስቲ እዮም። እዞም ዓይነት ዓሳ'ዚኦም 'ኦሜጋ-3' ዝተባህለ ስቡሓዊ ኣሲድ ኣለዎም። ጥዕና ቆርበትና ንምዕቃብ ድማ ይሕግዙ።

* ኣቮካዶ፦ እዚ ዓይነት ፍሩታ'ዚ ጥዕና ዘለዎ ቅብኣት ዝሓዘ ብምዃኑ ቆርበትና ንኽጠልል ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ።

* ዓይነት ካውሖ (Walnuts)፦ እዚ ዓይነት ጥረታት'ዚ ልዑል ትሕዝቶ 'ስቡሓዊ ኣሲድ' ስለ ዘለዎ ቆርበት ሰብነትና ኣብ ዘይግዚኡ ከይዓጥር ይከላኸል።

* ምቁር ድንሽ፦ ኣብ ምቁር ድንሽ 'ቤታ-ካሮቲን' ዝተባህለ መኣዛዊ ትሕዝቶ ይርከብ። እዚ ኣብ ኣካላትና ናብ ቫይታሚን 'ኤ' ብምቕያር ኣብ ጥዕና ቆርበትና ኣገዳሲ ጥቕሚ የበርክት። 'ቤታ-ካሮቲን' ዓቕሙ ይፈላለ'ኳ ይኹን'ምበር ኣብ ኣራንሺ፡ ካሮትን ስፒናቺን'ውን ይርከብ እዩ።

* ካውሎ ፍዮሪ፦ እዚ ዓይነት ሓምሊ'ዚ ንጥዕና ቆርበትና ዘገድሱ ከም 'ዚንክ'፡ ቫይታሚን 'ኤ'ን



ቫይታሚን 'ሲ'ን ዝኣመሰሉ መኣዛታት ዝሓቖፈ እዩ።

* ኮሚደረ፦ ኮሚደረ ቫይታሚን 'ሲ' ከምኡ'ውን 'ካሮተኖይደስ' (carotenoids) ዝተባህሉ መኣዛዊ ትሕዝቶ ኣለዎ። ቆርበት ሰብነት ካብ ምጭምዳድ ድማ ይከላኸል።


ምንጪ፦ mayoclinic

## ጥዕና ኩሊት

ኩላሊት ዓንዲ ሕቖ ኣብ ዘለዎም ፍጡራት ዝርከብ ክልተ ኣዳጉራ መሰል ቅርጺ ዘለወን ኣካላት እየን። ኣብ ከባቢ ክልቲኡ ሸነኽ ታሕተዋይ ዓንዲ ሕቖ ድማ ይርከባ። ናይ ሓደ በጺሒ ሰብ ኩላሊት ክሳብ 11 ሰንቲ ሜትር (4.3 ኢንች) ቁመት ኣለወን። ብመንገዲ ናይ ኩሊት ሻምብቆ ደም 'ኣርተሪስ' ደም ተቐቢለን ኣጻርየን ብጸምዲ ናይ ኩሊት ሻብቆታት ደም 'ቨይን' ይልእኽኦ። ክልቲኤን ኩላሊት ናብ ፍሕኛ ምስ ዘራኽብ ሻምብቆ ዝተተሓሓዛ እየን። እቲ ካብ ደም ኣጻርየን ዘትረፍኦ ረሱሓት (ሽንቲ) ድማ በዚ መንገዲ ንደገ ከም ዝወጽእ ይገብራ።

መናፊት (nephron) ናይ ኩሊት፡ ንዝዓበየ ናይ ምጽራይ ማስርሕ ዝካይድ ክፍሊ ናይታ ኣካል እዩ። ኩላሊት ናይ ወዲ ሰብ ነፍሲ-ወከፈን ኣስታት 1 ሚልዮን መናፊት ኣለወን። ናይ ኣንጭዋ ኩሊት ኣስታት 12,500 መናፊት ትውንን። ዋላ 10 ሚእታዊት እቶም መናፊት ጥራይ ይሰርሑ፡ ዝርአ ጥዕናዊ ጸገም ግሉሕ ስለ ዘይኮነ ብዙሓት ሰባት ኩላሊቶም ክሳብ ኣጸቢቐን ዝሃሰያ ከለልየወን ይሸገሩ እዮም።

ንእሽቶ ኹን ዓቢ ብዘዕባ ጥዕና ኩሊትካ ክትግደስ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር እዩ። ኩላሊት ብዙሕ ዕማማት ዘካይዳ ኣገደስቲ ኣካላት ናይ ሰብነትና እየን። ጥዑያት ኩላሊት ምውናን ምሉእ ኣካላትካ ጥዕና ክትረኽብ የኽእል።





ናይ ኩላሊት ጸገም ምስ ዝህልወካ ኣብ ደምካን ሽንትኻን ብዝግበር መርመራ ክትገብር ይግባእ። ሕማም ሽኮር ወይ ሕማማት ናይ ልቢ፡ ጸቕጢ ደምን ካልእ ዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማትን ምስ ዝህልወካ'ውን ብዛዕባ ጥዕና ኩላሊትካ ግቡእ ጥንቃቐን መርመራን ክትገብር የድሊ።

ጥዕና ኩሊትና ንምሕላው ዘኽእሉ መንገድታት፦

=> ጥዕና ዘይህቡ ልምድታት ካብ ምዝውታር ምቑጣብ፦ እዚ ምትካኽ ሽጋራ፡ ኣልኮላዊ መስተን ብበዝሒ መድሃኒት ምውሳድን ዝኣመሰሉ ልምድታት የጠቓልል።

=> ጥዕና ዘለዎ ኣመጋግባ ምኽታል፦ ጥዕና ዝህቡ ዝተመጣጠኑ መግብታት ምውሳድ ንኩሊት ጥራሕ ዘይኮነ ንልቢ፡ ሳንቡእ፡ ጸጉሪ ከቢድ፡ ሓንጎል ከምኡ'ውን ንኻልኦት ኣካላትና ብሓፈሻኡ ድማ ንመላእ ሰብነትና ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

=> ክብደት ሰብነትካ ምቁጽጻር፦ ክብደት ሰብነትካ ምስ ቁመትካ ዝተመጣጠነ ክኸውን ከም ዘለዎ እዮም ክኢላታት ዝሕብሩ። ልዕሊ ዓቐን ክብደት ሰብነት ምውናን ጠንቂ ሕማም ኩሊት ምዃኑ እዩ ዝነገር።

=> ትወስዶ ዓቐን ሽኮር ምቁጽጻር፦ ኣካላትና ዘድልዮ ዓቐን ሽኮር ከም ዕድመናን ከምኡ'ውን ካይዶ ንጥፈታትን ይፈላለ እዩ። ኣብ ዘለናዮ ዕድመ ክንደይ ዝኣክል ዓቐን ሽኮር ክንወስድ ከም ዘየድልየና ምፍላጥ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ሓያሎ ንወስዶም መግብታት ሽኮራዊ ትሕዝቶ ከም ዘለዎም ምስትብሃል'ውን የድልየና እዩ።

=> ምውሰዋስ ኣካላት ምኽያድ፦ ምውሰዋስ ኣካላት ደምና ብዘይጸገም ዑደት ከካይድን ጥዕና ልብና ኣብ ምሕላውን ልዑል ጥቕሚ እዩ ዘለዎ። ስለዚ፡ ስሩዕ ዝኾነ ምውሰዋስ ኣካላት እተካይደሉ መደብ ክህልወካ ዝበለጸ እዩ።

ኩላሊትና ካብ 30 – 40 ዓመታት ንደሓር ብተፈጥሮ ናይ ምጽራይ ዓቕመን እናንደለ ከም ዝኸይድ እዩ ዝንገር። ካብዚ ዝተጠቕሰ ዕድመ ንደሓር፡ ዝበን ኣካላት'ዚኣን ጸቕጢ ካብ ምፍጣር ክንቁጠብ ከም ዘለና እዩ ብሓኪይም ዝምከር። ገለ ካብቶም ምኽርታት፦

* ኣብ ዘለካ ሕማም ሽኮር፡ ጸቕጢ ደምን ሕማም ልብን ግቡእ ምክትታል ምግባር።

ኣብ መብዛሕትኡ ጥርዓናት፡ ሕማም ኩሊት፡ ብሕማም ሽኮር፡ ጸቕጢ ደምን ሕማም ልብን ዝኣመሰሉ ኣቢራት ሕማማት ክስዕብ ዝኽእል ካልኣዊ ሕማም ተባሂሉ እዩ ዝግለጽ። ስለዚ፡ ኣብ ደምና ዘሎ መጠን ሽኮር፡ ኮለስትሮል ከምኡ'ውን ጸቕጢ ደም ተቖጻጺርና ብጥዕና ዘለዎ ኣመጋግባን ምውሰዋስ ኣካላትን ምስ እነሰንዮ፡ ሕማም ኩሊት ክንከላኸሎ ይከኣል።

* ትወስዶ ዓቐን ጨው ምጉዳል።

ጨው ኣብ መግብና ዘሎ ዓቐን 'ሶድየም' የዛይዶ። በዚ፡ ጸቕጢ ደምና ከም ዝውሰኽ ይገብር። እዚ ድማ ጸሮር ኩሊት ንኽተማዕበል እቲ ዝዓበየ ጠንቂ እዩ።

* ብበዝሒ ማይ ምስታይ።

ማይ ምስታይ ኣካላትና ካብ ድርቀት ይከላኸሎ። ኩሊትና ድማ ከሉ እቲ ረሱሓት ብዘይ ጸገም ከተጻርዮ ይሕግዞ። ኣብ መዓልቲ ካብ 8 ክሳብ 10 ብኬሪ ማይ ክንሰቲ ይምከር።

* ሽንቲ ዘይምቅርቃር።

ደም ምጽራይ እቲ ዝዓበየ ስራሕ ናይ ኩሊት እዩ። ኩሊት ደም ኣብ እተጻርየሉ እዋን ተወሲኺ ረሱሓት ናብ ፍሕኛ ሽንቲ ትልእኽ። ፍሕኛ ሽንቲ ብዙሕ ፈሳሲ ክዕቅር ዝኽእል እኳ እንተኾነ፡ ዓቐን ናይቲ እታ ፍሕኛ ዓቕሪራቶ ዘላ ሽንቲ ካብ 120 ክሳብ 150 ሚሊ ሊትር ክይዛየደ ክሽሸና ምስ እንኽእል ግና፡ ንጥዕና ኩሊት ዝበለጸ እዩ። ፍሕኛ ሽንቲ ልዕሊ ዓቐን ምስ እትንፋሕ፡ ኩሊት ንእተካይዶ ናይ ምጽራይ ስራሕ ይዕንቅፎ እዩ።

* ጥዕና ዝህቡ ፈሰስቲ ምውሳድ።

ከምቲ ጥዕና ዘለዎም መግብታት ምምጋብ ንጥዕና ኩሊት ኣገዳሲ ዝኾነ፡ ኣብ እንወስዶ ፈሳሲ'ውን ምሉእ ኣደኒሆ ክህልወና ይግባእ። ጸማቕ ዝተፈላለዩ ፍሩታታ ምውሳድ ንጥዕናና ኣዝዩ ጸቡቕ እዩ። ኣብ ስርዓተ ምሕቃቕ መግቢ እኹል ማይ ንኽህሉ ይሕግዝ። እኹል ማይ ኣብ ኣካላትና ምስዘሎ ድማ እቲ ረሱሓት ብዘይ ጸገም ንደገ ክወጽእ ይኽእል። ሻሂን ቡንን ብበዝሒ ምስታይ ንጥዕና ልብን ኩሊትን ሓደገኛ እዩ። ካፌን ኣብ ኣካላትና ዘሎ ዋሕዚ ፈሳሲ የጉድሎ እዩ።

ጸገም ናይ ኩሊት ዘለካ ምስ እትኸውን ካብ ስፒናቺን ቀይሕ ሱርን ዝተዳለወ ጸማቕ ምውሳድ ጸቡቕ ኣይኮነን። እዞም መግብታት ብ'ኦክሳሊክ ኣሲድ' ዝሃብተሙ ስለ ዝኾኑ ብቐሊሉ ጸሮር ኩሊት እዮም ዝፈጥሩ።

* ባዕልኻ ካብ ምፍዋስ ተቖጠብ።

ኩሎም እንወስዶም መድሃኒታት ንኽጸረዩ ብመንገዲ ኩሊት እዮም ዝሓልፉ። ብሓኪም ዘይተደገፈ ብበዝሒ መድሃኒት ምውሳድ መርዛም ነገራት ናይ ምጽራይ ዓቕሚ ኩሊት ከም ዝጭኣቕ ይገብሮ። በዚ እዩ ድማ ሓኪም ዝሃበካ ምኽሪ ኣወሳስዳ መድሃኒት ብግቡእ ክትክተል፡ ከምኡ'ውን ባዕልኻ ኑብሾካ ካብ ምፍዋስ ክትቁጠብ ክኢላታት ዝመኽሩ።

ምንጪ፦ webmd

# ሕጊ ንስኻትኩም ዕብየትኩም

ብሚኒስትሪ ፍትሒ ዝዳሎ ሲቪካዊ ኣስተምህሮ

## ዋንነት ንብረት

ካብ መቕጸልታ ናይቲ ኣብ ሕጊ ንብረት ብተኸታታሊ ዝቐርብ ዘሎ መደብ ኣስተምህሮ ሕጊ ንሕብረተሰብ፣ ንሎሚ ንዋንነት ዝምልከት ጽሑፍ ኣቕሪብናልኩም ኣሎና። ሰናይ ንባብ ክኾነልኩም ከኣ ንምነ።

ካብ ኩሎም እቶም ምስ ንብረት ዝተሓሓዙ መሰላት፣ መሰል ዋንነት እቲ ዝዓበየን ዝልዓለ ቦታ ዝወሃቦን እዩ። ዋንነት ብኸመይ ይርከብ፣ ብኸመይ ይመሓላለፍ፣ ብኸመይ ይረጋገጽ ቅድሚ ምርኣይና ዋንነት ንብረት ክንብል ከሎና እንታይ ማለት ምዃኑ ምግላጽ ኣገዳሲ ይኸውን።

ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ ንዋንነት ንብረት “ኣብ ልዕሊ ሓደ ነገር ክህሉ ዝኽእል ካብ ኩሉ ዝሰፍሐ መሰል” ብምባል ይገልጾ። ብተወሳኺ መሰል ዋንነት ንብረት ብሕጊ ጥራይ እንተዘይኮይኑ ክድረትን ክመቓቐልን ከም ዘይግባእውን ኣሰዒቡ የጸር። መግለጺ ትርጉም ንብረት ኣብ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ ብምንጽጻር ዝቐረበ ኮይኑ፣ ንመሰል ዋንነት ምስ ካልኦት ኣብ ልዕሊ ንብረት ዝህልዉ መሰላት ማለት ኢጀታ፣ መሰል ተጠቃምነት፣ ወዘተ ብምዝማድ ይገልጾ። በዚ መሰረት ዋንነት ንብረት ኣብ ልዕሊ ሓደ ነገር ክህሉ ዝኽእል ዝሰፍሐ መሰል ክብል ከሎ ዋና ንብረት ልዕሊ በዓል ኢጀታ ወይ ድማ ልዕሊ መሰል ተጠቃምነት ጥራይ ዘለዎ ሰብ ኣብ ልዕሊ ሓደ ንብረት ዝሰፍሐ መሰል ከም ዘለዎ የርኢ። ዋና ንብረት ብንብረቱ ክጥቀም፣ ካብ ንብረቱ ፍርያት ክእከብን ሕጊ ብዘፈቕደሉ ኣገባብ ንንብረቱ ናብ ካልእ ክመሓላለፍ ወይ ክሸጦ ይኽእል። ብኣንጻሩ መሰል ተጠቃምነት ጥራይ ዘለዎ ሰብ በቲ ንብረት ክጥቀምን ፍርያት ናይቲ ንብረት ክወስድን ጥራይ እምበር ነቲ ንብረት ናብ ካልእ ክመሓላለፍ ኣይክእልን። ንኣብነት ተኻሪዩ በቲ ዝተኻረዮ ንብረት ክጥቀም ጥራይ እምበር ነቲ ንብረት ብዘይ ፍቓድ ዋና ብዘኾነ ኣገባብ ናብ ካልእ ሰብ ክመሓላለፎ ሕጊ ኣይፈቕደሉን። ስለዚ፣ ብምንጽጻር፣ ዋንነት ንብረት ካብ መሰል ተጠቃምነት ዝሰፍሐ መሰል ምዃኑ ንርዳእ።

### ዋንነት ኣብ ልዕሊ ንብረት ካብ ዝህልዉ መሰላት እቲ ዝለዓለ እዩ።

ዋና ንብረት ዝኾነ ሰብ ኣብ ልዕሊ ንብረቱ ናይ ምጥቃም፣ ካብቲ ንብረት ክርከብ ንዝኽእል ፍረ ናይ ምእካብ ከምኡውን ንንብረቱ ናብ ካልእ ሰብ ናይ ምምሕልላፍን ምሻጡን መሰል ከም ዘለዎ ክቡ ኣሉ ተገሊጹ ኣሎ። ብንብረትካ ምጥቃም ዝብል ሓሳብ ንጹር ኮይኑ እቲ ንብረት ከገልግል ተባሂሉ ብዝተሰርዓሉ ዕላማ ኣገልግሎት ምርካብ የጠቓልል። በዚ መሰረት ዋና መንበሪ ቤት ኣብ ቤቱ ናይ ምስፋር፣ ዋና እንስሳ መጻዓኛ ብንብረቱ ኣገልግሎት መጻዓዝያ ምርካብ፣ ዋና ናውቲ ሕርሻ ብናውቱ ናይ ምዕያይ፣ ወዘተ መሰል ይህልዎም። ዋና ንብረት ንንብረቱ ኣካርዩ ዝረኽቦ ኣታዊ፣ ካብ እንስሳታት ዝርከብ ከም ወላድ ናይቶም እንስሳታት፣ ጸባ፣ እንቋቑሖ፣ ወዘተ ፍርያት ናይ ቀንዲ ንብረት እዮም። ስለዝኾኑ ዋና ንብረት ነዚም ፍርያት ንብረቱ ክእከብን ክግልገለሎምን ይኽእል። መሰል ዋንነት ንንብረትካ ናብ ካልእ ሰብ ናይ ምትሕልላፍ መሰልውን የጠቓልል። በዚ መሰረት ዋና ንብረት ንንብረቱ ብህያብ፣ መሸጣ፣ ለውጢ፣ ወዘተ ናብ ካልእ ከመሓላልፎ ይኽእል። ብተወሳኺ ንሕጊ ብዘይጻረር ኣገባብ ንንብረቱ ክሰንዮ መሰል ይህልዎ። ንኣብነት ዋና ጠለብበዕ ንንብረቱ ሓሪዱ ንመግቢ ክጥቀመሉ ዝህልዎ መሰል ኣብዚ ይጠቓለል።

ዋንነት እቲ ዝሰፍሐ መሰል እዩ ክንብል ከሎና፣ ዝኾነ ቀይዲ ወይ ኣብ ሕጊ ዝሰፈሩ ደረታት የብሉን ማለት ከም ዘይኮነ ምርዳእ የድሊ። ዋና ንብረት ኣብ ልዕሊ ንብረቱ ንዘህልዎ መሰል ኣብ ዘተግብረሉ እዋን ብቐንዱ ንሕጊ፣ ስርዓትን ረብሓ (መሰል) ካልኦት ሰባትን ብዘጻረር ኣገባብ ክኸውን የብሉን። ንኣብነት ዘይንቀሳቐስ ንብረት ዝውንን ሰብ ብንብረቱ ኣብ ዝጥቀመሉ ግዜ ንጸቡቕ ጉርብትና ብዘጻረር መልክዑ ልዑል ድምጺ፣ ክቱር ነውጺ (ምንዝናዝ)፣ ልዕሊ ንቡር ዝኾነ ትኪ፣ ሕማቕ ሽታን ከባብያዊ ብከላን ብምዝውታር ንጎረቤቱ ክረብሽ ብሕጊ ኣይፍቀደሉን። ብተወሳኺ ንልምዲ ከበ፣ ኣቀማምጣ (ቅርጺ) መሬትን ምስኡ ዝኸይድ ባህርያትን ኣብ ግምት ብምእታው፣ ነርቲ ወይ ተጠቀምቲ ናይቲ ከባቢ እቲ ዋና ካብ ከምዚ ዝኣመሰሉ ንጸቡቕ ጉርብትና ሃሳይ ዝኾኑ ተግባራት ክቑጠብ ወይ ክቋርጽ ብሕጊ ክግደድ ይኽእል።

### ዋንነት ብኸመይ ይርከብ (ይጥረ)?

ዋንነት ምርካብ ማለት፣ ብሕጸር ዝበለ ናይ ሓደ ንብረት ዋና ምዃንን ንኹሎም እቶም ዋና ንብረት ከተግብሮም ብሕጊ ዝተፈቕዱሉ መሰላት ከተተግብሮን ግቡኣት ከኣ ከተማልእን ምኽኣል ማለት እዩ። ብመሰረት ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ ዋንነት ዝተፈላለዩ ዋንነት ዝርከበሉ መንገድታት ኣለው።

#### 1. ዋና ዝይብሎም ንብረታት ብምሓዝ ዋና ምዃን (Occupation)

ሓደ ዋና ዘይብሉ ንብረት ብምሓዝ ዋንነት ምጥራይ፣ ካብ ኩሎም ዋንነት ክርከበሉ ዝኽእሉ መንገዲታት ብታሪኽ ዝወሓደ ዕድመ ዘለዎ ኣገባብ እዩ። ዝኾነ ሰብ ንሓደ ኣካላዊ ህላውነት ዘለዎን ዋና ድማ ዘይብሉን ንብረት ንኸውንኖ ሓሰቡ ብምሓዝ ዋና ናይቲ ንብረት ክኸውን ከም ዝኽእል ኣብ ሲቪላዊ ሕግና ተገሊጹ ንረክቦ። ብመሰረት ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ ዋና ዝይብሉ ንብረት ብምሓዝ ዝርከብ (ዝጥረ) ዋንነት ዠም ዝሰዕቡ ረቛሒታት ዘማልአ ክኸውን ይግባእ።

ሀ/ እቲ ንብረት ኣካላዊ ህላወ ዘለዎ ተንቀሳቓሲ ንብረት ክኸውን ኣለዎ

ለ/ እቲ ንብረት ብውልቀ ሰብ ደረጃ ክተሓዝ (ክውነን) ዝኽእል ንብረት ክኸውን ኣለዎ

ሐ/ እቲ ንብረት ዋና ዘይብሉ ንብረት ክኸውን ይግባእ

መ/ ናይቲ ንብረት ዋና ናይ ምዃን ሓሳብ (intention) እውን ክህሉ ይግባእ

ኣካላዊ ህላወ ዘለዎ ነገር ክንብል ከሎና፣ ኣብ ትሕቲ ሕጊ ንብረት ኣቐድም ኣብሎም ኣብዚ ዓምዲ ኣብ ዝቐረቡ ጽሑፋት ከም ዝተገለጸ፣ ክተሓዝ፣ ክጭብጦ፣ ክርኣ ወይ ብህዋሳት ስምዒት ወዲ ሰብ ክለለ ዝኽእል ንብረት ማለት እዩ። ንኣብነት ቤት፣ ናውቲ ሕርሻ፣ እንስሳታት፣ ተሽከርከርቲ ወዘተ ኣካላዊ ህላወ ኣለዎም። ብኣንጻሩ ኣካላዊ ህላወ ዘይብሎም ዝበሃሉ ድማ ንመሰል ደርሰት፣ ምልክት ንግዲ፣ ዋንነት ፈጠራ፣ ወዘተ የጠቓልል። ተንቀሳቓሲ ንብረት ክበሃል ከሎ ድማ፣ ብተመሳሳሊ ኣብ ዝቐደሙ ጽሑፋት ከም ዝተገለጸ፣ ባዕሉ ወይ ብሰብ ኣብሉ ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካልእ ቦታ ኣካላዊ ህላወኡን ባህርያቱን ከይለወጠ ክንቀሳቐስ ዝኽእል ንብረት ማለት እዩ። ንኣብነት እንስሳታት ካብ ቦታ ናብ ቦታ ባዕሎም ክንቀሳቐሱ ይኽእሉ፣ ካልኦት ናውቲ ቤት ይኹኑ ናውቲ ማሕረስ ከኣ ብሓይሊ ሰብ ስለ ዝንቀሳቐሱ ተንቀሳቐስቲ ንብረት ንብሎም።

ዋና ዝይብሉ ተንቀሳቓሲ ንብረት ብምሓዝ ዝረጋገጽ ዋንነት ንዘይንቀሳቐስ ንብረት ወይ ፍሉያት ተንቀሳቐስቲ ንብረታት ኣየጠቓልልን። ኩልና ከም ንፈልጦ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ናይ ምዝገባ መስርሕ ንዕኡ ተኸቲሉ ድማ ሰነድ ዋንነት ይወሃቦ እዩ። በዚ መሰረት ዋንነት ካብ ሓደ ሰብ ናብ ካልእ ንምምሕልላፍ ኣብቲ ሰነድ ምዝገባ ምስግጋር ዋንነት ምግባር የድሊ። ብተመሳሳሊ ፍሉያት ተንቀሳቐስቲ ንብረት ንበሎምውን ከም ዘይንቀሳቐስ ንብረት ምዝገባ ስለ ዝግበረሎም ብምሓዝ ጥራይ ዋንነት ክረጋገጸሎም ኣይክኣልን። ንኣብነት ተሽከርከርቲ ተንቀሳቐስቲ እኳ እንተኾኑ፣ ብሕጊ ምዝገባ ስለ ዝግበረሎም ከም ፍሉያት ተንቀሳቐስቲ ተወሲዶም ብምሓዝ ጥራይ ዋንነት ኣይረጋገጾን።

ብተወሳኺ ንናይ ህዝቢ ጥቕምን ኣገልግሎትን ተባሂሎም ኣብ ዝተመደቡ ተንቀሳቐስቲ ንብረት ብውልቂ ክተሓዙ ኣይክእሉን። ንኣብነት ወዲቖም፣ ብሸሪዕታ ወይ ካልእ ኣገባብ ኣብ ትሕቲ መሬት ተቐቢሮም ዝጸንሑ ዝተፈላለዩ ዓይነት፣ ዓቐን ወይ ክብሪ ዘለዎም ታሪኻዊ ቅርስታት ዋና የብሎምን ብምባል ብውልቀሰብ ክውነኑ ኣይክእሉን። ብተወሳኺ ብመሰረት ኣዋጅ ባህላውን ባህርያውን ቅርስታት ኤርትራ ቁጽሪ 177/2015 ዓንቀጽ 4(1) ኣብ ግዝኣት ሃገረ ኤርትራ ዝርከቡ ባህላውን ባህርያውን ቅርስታት ዋንነት መንግስቲ ኤርትራ ምዃኖም ብንጹር ተገሊጹ ምህላዉ ክፍለጥ ይግባእ።

#### 2. ብቕኑዕ መንፈስ ኣብ ኢጀታኻ ብምእታው ዋና ምዃን (Ownership through Possession in good faith)

ከም መትከል ንብረት ዝመሓላለፈሉ ዘሎ ሰብ፣ ነቲ ንብረት ካብ ዘመሓላለፈሉ ሰብ ዝበልጽ መሰል ኣይህልዎን። ብካልእ ኣዘራርባ በዓል ኢጀታ ነቲ ሒዝዎ ዘሎ ንብረት ኣመልኪቱ ናብ ካልእ ሰብ ብሕጋዊ ኣገባብ ዘመሓላልፎ መሰል ንብረት ኢጀታ ጥራይ እዩ። ሓደ ሰብ ንባዕሉ መሰል ዋንነት ከይሃለዎ ናብ ካልእ ሰብ ዋንነት ከመሓላልፍ ኣይክእልን። ንብረት ዘተሓላልፍ ዘሎ ሰብ፣ ኣብ መሰል ዋንነቱ ጉድለት ዘለዎ እንተኾይኑ እቲ ጉድለት ምስቲ ንብረት ናብቲ ተቐባሊ ንብረት ዝኾነ ሰብ ይተሓላለፍ።

ንሓደ ንብረት ብቕኑዕ መንፈስ በዓል ብምዃን ዋንነት ክምስረት (ክጥረ) ከም ዝከኣል ኣብ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ ተገሊጹ ንረክቦ። ብቕኑዕ መንፈስ ንሓደ ንብረት ኣብ ኢጀታ ብምእታው ዝርከብ ዋንነት ዠም ዝሰዕቡ ረቛሒታት ዘማልአ ክኸውን ይግባእ።

ሀ/ ምትሕልላፍ ንብረት ኣብ መንጎ ሸያጢን ዓዳግን ብዝተፈጸመ ውዕል መሸጣ ዝተፈጸመ ምስ ዝኸውን፣

ለ/ ብቕኑዕ ሕሊና በዓል ኢጀታ ዝኾነ ሰብ (ዓዳጊ) ክወግዓል ከሎ ነቲ ንብረት ንኸውንኖ ብምሕሳብ ዝኣተዎ ውዕል ምስ ዝኸውን፣

ሐ/ ዓዳጊ ነቲ ንብረት ኣብ ኢዱ ኣብ ዘእተወሉ እዋን በዓል ቕኑዕ ሕልና ምስ ዝኸውን፣

መ/ ዓዳጊ ነቲ ንብረት ክዕድግ ከሎ፣ ካብ ቅኑዕ ሕልና ዝተላዕለ፣ እዚ ዝዕድጎ ዘሎ ንብረት ካብ ትኽክለኛ ዋንኡ እየ ዝዕድግ ዘሎኹ ዝብል ምሉእ እምነት ምስ ዝህልዎ፣

ረ/ እቲ ንብረት ልሙድ ተንቀሳቓሲ ንብረት ክኸውን ይግባእ።

ንሓደ ነገር ብቕኑዕ ሕልና ኣብ ኢጀታ ብምእታው ዋና ንብረት ንምዃን እቲ ንብረት ብውዕል መሸጣ ዝተጠርየ ክኸውን ይግባእ። ብካልእ ኣዘራርባ ንሓደ ንብረት ብህያብ ኣብ ኢጀታኻ ብምእታው ዋና ክኸውን ኣይክኣልን። ኣብዚ ዓይነት ዋንነት ቅኑዕ ሕልና ናይ ዓዳጊ ኣዝዩ ኣገዳስነት ኣለዎ። ዓዳጊ (ነቲ ንብረት ኣብ ኢጀታኡ ብምእታው ዋና ክኸውን ዝደሊ ወገን) ውዕል ኣብ ዝፍጸመሉ እዋን ይኹን ነቲ ንብረት ኣብ ዝርከበሉ እዋን በዓል ቕኑዕ መንፈስ ክኸውን ይግባእ። ቅኑዕ መንፈስ ዝብል ሓሳብ ንወሰናዊ ኩነት ሰባት ዝገልጽ እኳ እንተኾነ ብደጋዊ ባህርያት ክንጸባረቕ ይከኣል። በዚ መሰረት ዓዳጊ ነቲ ንብረት ኣብ ዝዕደገሉ እዋን ነቲ ዝዓደጎ ንብረት ዋንነት ከመሓላልፈሉ ካብ ዝምልከቶ (ዝኽእል) ሰብ ይዕደጎ ምህላዉ ብቐጥታ ክኣምን ይግባእ። ዓዳጊ ነቲ ንብረት ኣብ ዝዕድገሉ እዋን ካብ ዘይምልከቶ ሰብ ይዕድግ ምህላዉ ኣቐዲሙ ፈሊጡ ምስ ዝጸንሕ ቅኑዕ መንፈስ ነይርዎ ክበሃል ኣይክእልን። ከም ሳዕቤኑ ዋና ናይቲ ዝዓደጎ ንብረት ኣይኮነንን።

ኣብ ርእሲ እዚ ንንብረት ብቕኑዕ ሕልና ኣብ ኢጀታኻ ብምእታው ዝመጽእ ዋንነት ተፈጻምነቱ ኣብ ልዕሊ ልሙዳት ተንቀሳቐስቲ ነገራት ጥራይ እዩ። ንዘይንቀሳቐስ ንብረት ወይ ከም ተሽከርከርቲ ዝኣመሰሉ ፍሉያት ተንቀሳቐስቲ ኣብ ኢጀታኻ ብምእታው ጥራይ ዋንነት ንብረት ክምስረት ኣይክኣልን። ብተመሳሳሊ ከምዚ ዝበለ ኣገባብ ኣጠራርያ ዋንነት ኣብ ልዕሊ ንብረት ህዝብን መንግስትንውን ተፈጻምነት ከም ዘይብሎም ክዝከር ይግባእ።

እቲ ዝተሸጠ ንብረት ዝተሰርቀ ምስ ዝኸውን፣ ዓዳጊ ብቕኑዕ ሕልና ነቲ ንብረት ክሸይጥ ፍቓድ ካብ ዘለዎ ሸያጢ እኳ ዝዓደጎ እንተኾነ፣ ዋና ንብረት ንብረቱ ክምለሱ ምስ ዝሓትት ብቕኑዕ ሕልና ዝዓደገ ሰብ ነቲ ንብረት ናብ ዋናኡ ናይ ምምላስ ሕጋዊ ግዴታ ኣለዎ። ዋና ንብረት ዝተሰርቀ ንብረቱ ካብ በዓል ቅኑዕ ሕልና ዓዳጊ ክምለሱ ዝሓተሉ ደረት ግዜ ኣብ ሕጊ ዝተቐመጠ ኮይኑ፣ ብኸምዚ ኣገባብ ብቕኑዕ ሕሊና ንዝዓደገ ንብረት ዝተሓደገ ሰብ ነዚ ንብረት ንምውናን ዝከበሮ ወጻኢታት ካብቲ ዝሸጠሉ ሰብ ናይ ምሕታት ሕጋዊ መሰል ኣለዎ።

#### 3. ዋንነት ኣብ ልዕሊ ቀንዲ ንብረት ዝወሰኹ ነገራት (Accession)

ኣብ ልዕሊ እቲ ቀንዲ ንብረት ዝወሰኹ ነገራት ካልእ ዋንነት ዝርከበሉ መንገዲ እዩ። በዚ መሰረት ሓደ በዓል ንብረት ካብቲ ኣቐዲሙ ዝውንኖ ዝበረ ንብረት ካልእ ንብረት ከም ወሰኽ ምስ ዝረክብ ዋና ናይቲ ቀንዲ ንብረት ዋና ናይቲ ዝተወሰኸ ንብረትውን ይኸውን ማለት እዩ። ንኣብነት ዋና ላም እታ ላም ናይ ዝወለደቶም ምራኺት ዋናውን እዩ።

ይቕጽል

# ኣንክሮ

ሺሃብ ኣርኣያ

## ዘይተፈትሐ ግድላት



ደርፊ ብምስማዕና ክንሕጎስ ወይ ድማ ክስተንትንን ክንኑበዕን ንብር'ዩ። ንሓንቲ ደርፊ ድሕሪ ምስማዕካ ተቐላጢፍካ ኑብሰኻ ምጥፋእ ግን ምስ ምንታይ ይቑጸር?!

ኣብ 30ታት ናይ ዝሓለፈ ዘበኑ ናብራ ኤውሮጳ ከም'ዚ ሕጂ ዘለዎ ኣይነበረን። ጥፍሽና፡ ሸቐለት ኣልቦነትን መከራን ዝመልኦ ህይወት'ዩ ዝነበረ።

ሃንጋሪ'ውን ሓንቲ ካብ'ዘን ኣብ ሕማቕ መነባብሮ ዝነበራ ሃገራት ኤውሮጳ እያ ነይራ። እቲ ዝነበረ ኩነታት ተሰፋ ዘቑርጽ፡ ናይ ስርቂ፡ ቅትለትን ዓመጽን ምስፍሕፋሕ ፋሽስታዊ ጥሩፍ ኣተሓሳስባታትን'ዩ ነይሩ።

እታ ሃገር ብርእሰ ቅትለት ዝዳረጋ ብዘይ ምንባሩ፡ እቶም ንሪሳ ጆዞፍ ካለር ከልዕሉ ዝመጹ ኣባላት ፖሊስ ከተማ ቡዳፔስት ብዙሕ ተገዳሰኑት ኣየርኣዩን።

ጆዞፍ ካለር ከም'ቶም ካልኦት ኑብሶም ዝቐተሉ፡ ኣብ ዓንዲ'ታ ጫማ ብምስፋይ ዝናበረላ ዝነበረ ንእሽቶ ድኳኑ ኑብሱ ሓኒቑ'ዩ ጸኒሑዎም። ኣብ ደብተሮም ድማ ወዲ 52 ዓመትን ሓዳር ዘይብሉን፡ ዝጠፈሸ ጆዞፍ ብጦዞእ ፍቓዱ ንኑብሱ ከም ዘጥፍኣን ዝኾነ ናይ ገበን ምልክት ከም ዘይርኣዩን መዝገቡ።

መርማሪ ፖሊስ ካርል ግና ኣብ'ታ ጸቢብ ክፍሊ ናይ ጆዞፍ ካለር፡ "እቲ ጸሊም ምሸት" ዝብል ብኣእዳው ጆዞፍ ዝተጻሕፈት ጻዕዳ ወረቐት ኣልዓለ። እዛ ጽሕፍቲ ኣርእስቲ ደርፊ ናይ ድምጻዊ ፖል ካልማር ነበረት። ንግጥሚ'ዛ ደርፊ ዝፈልጥ ዝነበረ መርማሪ ከናፍሩ ብምርምጣጥ፡ "ሓቁ'ዩ ኑብሱ ከጥፍእ" ብምባል ግብረ መልሲ ሃበ። እቲ ከም ተራ ነገር ዝተሓሰበ ኣማውታ ጆዞፍ፡ ድሕሪ ክልተ መዓልቲ ዳግመ ግምት ክግበረሉ ዘኽእል ኩነታት ሰዓበ። መርማሪ ካርል ናብ ገዛ ሓንቲ ኑብሳ ዘጥፈኦት ጎርዞ ተጸዊዑ ከደ።

ንሳ'ውን "እቲ ጸሊም ምሸት" ዝብል ጽሑፍ ዝነበራ ጭራም ወረቐት ገዲፉ ነበረት። ብድሕሪ'ዚ ብዙተፈላለዩ ኣገባባት ኑብሶም ዘጥፍኡ ሰባት እናበዝሑ ከዱ። ኩሎም ድማ፡ "እቲ ጸሊም ምሸት" እትብል ጽሕፍቲ ይገድፉ ነበሩ።

ሓደ መንእሰይ ምስ ኣዕሩኹቱ ኣብ ሓደ ባር ክዘናጋዕ ድሕሪ ምምሳይ፡ ዋና ባር ነዛ ትጥቀስ ዘላ ደርፊ ምስ ኣድረፈ፡ እቲ መንእሰይ ሃንደበት ብርዑ ብምውጻእ ኣብ ኢድ ሓደ ካብ ኣዕሩኹቱ፡ "እቲ ጸሊም ምሸት" ዝብል ጽሑፍ ጽሒፉ ብናህሪ ናብ ደገ ብምውጻእ፡ ኣብ ትሕቲ ትገዓዝ ዝነበረት ሓንቲ ማኪና ኣትዩ ኑብሱ ኣጥፍአ። እዚ ጥራይ ከይኣክል፡ ሓንቲ ጀርመናዊት ሰበይቲ ኣብ በርሊን ኣብ እትውንኖ ትካል ተሓኒቓ ጸንሐት'ሞ፣ ናይ'ታ ክትሰምዓ ዝምስየት ደርፊ 'ጸሊም ምሸት' ሰቲከር ድማ፡ ኣብ ክፍላ ወዲቑ ጸንሐ። ካልእ ኣመሪካዊት መንእሰይ'ውን ኣብ ኒውዮርክ ካብ ደርቢ ወዲቓ ድሕሪ ምማታ፡ ኣብ'ቲ ዝገደፈቶ ጽሑፍ "ክትቀብሩኒ እንከለኹም ደርፊ ጸሊም ምሸት ኣድርፉ" ዝብል ኔሩ።

እዛ ደርፊ፡ ራጆ ሸርሸ ዝበሃል ኣይሁዳዊ መበቆል ዘለዎ ዘያማይ'ዩ ሰሪሑዋ። ንዘኽሪ እታ ዘፍቅራ ዝነበረ መንእሰይ ኢሉ'ዩ ድማ ዝደረሳ። ንሳ ነቲ ኣብ ሃንጋሪ ዝነበረ ሕማቕ ኩነታት ክትጻወር ብዘይምኽኣላ'ያ ሓደ ሰንበት ምሸት ንኑብሳ ብጥይት ዘሕለፈታ።

እቲ ዘገርም ድማ፡ ድምጻዊ ፖል ካልማር ንፈለማ ግዜ ነዛ ደርፊ ኣብ ሓደ ለይታዊ ትልሂት ምስ ደረፋ፡ ኣብቲ ቦታ ዝነበረ ራጆ ሸርሸ ኣብታ ምሸት ህይወቱ ብጦዞእ ኢዱ ምሕላፉ'ዩ።

እዛ ደርፊ ሎሚ ካብ ምስማዕ ተኣጊዳ ኣላ፣ ግድላ'ውን ክሳብ ሕጂ ኣይተፈትሐን።

# ህዝብታትን ባህልታቶምን



ኣብ ጃፓን ናይ ክብሪ ዕዱም ካብ ማዕጾ ርሕቕ ኢሉ ኣብ ማእከል መኣዲ'ዩ ኮፍ ዝብል። መግቢ ምስ ጀመረ ድማ እቶም ክበልዑ ዝጅምሩ፡ ካብ ኩሉ ዝተቐረበ ዓይነት መግቢ ንንእሽቶ ክጥዕሙ ኣለዎም። ሩዝ ኣብ እትምገበሉ እዋን፡ ክትዛረብ ክትብል ነቲ ባህላዊ ማንኪ "ቻፕስቲክ" ኣብ ውሽጢ እቲ ትምገበሉ ዘለኻ ሽሓኒ ምቕማጥ ምልክት ሕማቕ ፋልን ኣብ ኣእንገድትኻ ዘለካ ንዕቀትን ዘርኢ ብምዃኑ ክትጥንቀቕ ኣለካ።

ቅድሚ ዓበይቲ ኣእዳውካ ናብ መግቢ ወስ ምባል ድማ፡ ኣጺያፊ ተግባር'ዩ።

ኣብ ኣመሪካ ዝተቐልወ ደርሆ ብማንካ ኣይብላዕን'ዩ። ኣብ ከተማ ጀንዝፊል ኣብ ኣብያተ መግቢ ኣብ ቅድሚ ሰባት፡ ቅልዋ ደርሆ ብማንካ ምስ እትበልዕ ብሕጊ ትቕጻዕ። ኣብ ቺሊ ግን ዝኾነ ዓይነት መግቢ ብዘይ ማንካ ኣይብላዕን'ዩ።

ኣብ ኢጣልያ ናይ ምሳሕ ዕድመ ምስ ዝቐርበልካ ተቐላጢፍካ "ሕራይ" ክትብል የብልካን። ነቲ ቀዳማይ ሕቶ ብቓልዓለም ተነጽጎ'ሞ ሕቶ ምስ ተደገመልካ ግና ብእወታ ክትምልስ ይግባእ። ዝተቐረበልካ መግቢ እናበላዕካ፡ "ፋርማጆ ወሰኹለይ" ምባል ነውሪ'ዩ። ብተወሳኺ ድሕሪ ምምጋብካ ጸባ ምስታይ ነውሪ ብምዃኑ ኣብ ክንድኡ "እስፕረሶ" ቡን ክትእዝዝ ኣለካ።

ኣብ ኣዘርበጃን፡ ፖርቱጋልን ገለ ከባቢታት ግብጽን ኣብ መኣድኻ ጨው ምንስናስ፡ መግቢ ንዘዳለወ ከሻኒ ከም ምንዓቕ ይቑጸር። ኣብ ሰጳኛ መግቢ ተመጊብካ ምስ ጸገብካ ሓፍ ኢልካ ምትንሳእ ነውሪ'ዩ። እቶም ምሳኻ ሓቢሮም ዝበልዑ ዘለዉ ሰባት ክሳብ ዝውድኡ ክትጸበ ኣለካ።

ኣብ ሃገረ ሱዳን ጠሚኻ እንከለኻ "ተፈደል" ምስ ተባሃልካ ቃል ዓለም ምግባር ዘይቕቡል ተግባር'ዩ። ንሰባት "ንቐደም" ከይበልካ ምብላዕ'ውን የኽዕበካ'ዩ። ኣብ ቤት መግቢ እንከሎኻ ሃንደበት ካልእ ሰብ ምስ ዝጸንብረካ ነቲ ዝኣዘዝካዮ መግቢ ክብልዓካ ልሙድ ባህሊ'ዩ። እቲ ንሱ ዝኣዘዞ መግቢ ምስ መጸ እውን "ጸጊበ'የ" ኢልካ ክትሕሰሞ የብልካን።

ኣብ ጆርጅያ ብልምዲ'ቲ ከባቢ "ባህላዊ እንግዶት" ዝበሃል ወግዒ ኣሎ። ዝኾነ ጆርጅያዊ "ባህላዊ እንግዶት ዓዲመካ ኣለኹ" ምስ ዝበለካ እቲ ዕድመ ኣብ ቤቱ፡ ቦታ ስርሑ ወይ'ውን ኣብ ጎደና ካብ ዘለዋ ንኣሽቱ መሸጢ እምቡቲቶታት ክኸውን ይኽእል'ዩ።

እቲ ዝቐረበልካ ትሕዝቶ ግን ሓንቲ ቶሲትን ብኬሪ ነቢትን ጥራይ'ዩ። ነታ ብኬሪ ነቢት ኣብ እትሰትየሉ እዋን ግድን ብሓደ ግዜ ክትውድኣ ስለ ዘለካ፡ ምስ ዓቕምኻ ዝኸይድ ዓቐን ብኬሪ ክትእዝዝ ኣለካ።

ኣብ ሩሲያ ትምገብ እንተሊኻ፡ ነቲ ዝተመገብካሉ ማንካ ምልሓስ ነውሪ'ዩ።

ኣብ ደቡብ ኮርያ ዝኾነ ፈሳሲ ኣብ እትሰትየሉ እዋን፡ ናብ ሰብ ምጥማት ነውሪ'ዩ። ቅድሚ ምስታይካ ናብ ብኬሪኻ ምጥማት ነቶም ኣእንገድትኻ ብጉድለት ጽሬት ከም ምውቃስ ስለ ዝሕሰብ ድማ፡ ናብ ላዕሊ ብምንቅዕራር ወይ ናብ ካልእ ኣንፈት ብምጥማት ክትሰቲ ኣለካ።

## ኣጋጣሚዶ ትብሉዎ?

ፊል ማክ ምስ ወዱ ካብ ስራሕ እናተመልሰ እንከሎ፡ ሃንደበት ብወቓዒ ልቢ ምስ ተጠቕዐ ወዱ ነታ ማኪና ኣብ ደረት ጽርግያ ደው ብምባል፡ ሓገዝ ህጹጽ ረዲኤት ሓተተ። እቶም ሓካይም ምስ መጹ ግና ፊል ድሮ ሃለዋቱ ፈሊጡ ጸንሖም። እዚ ፍጻመ ልክዕ ሰዓት 6:25 ናይ ምሸት'ዩ ኣጋጢሙ። ድሒሩ ከም ዝተገለጸ ኣብ ከተማ ሎንደን ዝነበር ፍላይ ማንታኡ ንፊል ኣብ ተመሳሳሊ ሰዓት ብወቓዒ ልቢ ምማቱ'ዩ።

## ክገርመኩም!

ፓኪስታናዊ ዶክተር ጃን ሙሓመድ፡ ኣብ መበል 43 ዓመቱ ኣቦ 35 ደቂ ኮይኑ ኣሎ። ዶክተር ጃን፡ ካብ'ተን ሰለስተ ኣንስቱ 14 ኣውዳትን 21 ኣዋልድን ወሊዱ።

ኣብ'ቲ ኣብ ከተማ ኩዬታ ዝርከብ ከም መንበርን ክሊኒክን ዝጥቀመሉ ገፊሕ መንበሪ ቤቱ ብሓባር ይነብሩ። ዶክተር ጃን ኣብ ወርሒ ከባቢ ክልተ ሽሕ ዶላር ኣታዊ ኣለዎ። በዚ ኣታዊ ደሓን ዝኾነ መነባብሮ ከም ዝመርሕ ድማ ይዛረብ። "ብዙሓ መጻኢ ደቀይ ኣይፈልጥን'የ።

ክሳብ ዓቕመ-ኣዳምን ዓቕመ-ሄዋንን ዝበጽሑ ግና፡ ብጽቡቕ ከዕብዮም'የ። ኣነ ከኣ ኣብ ጉት ቀዋሚ መንበሪ ክረክብ ሓደ ቈልዓ ምውላድ ጥራይ'ዩ ዝተርፈኒ ዘሎ" ይብል እቲ "ኣብ ጉት መንበሪ ክትረክብ፡ ብውሑዱ፡ 36 ህጻናት ክትወልድ ኣለካ" ናይ ዝብል ስሑሓብ ሰዓቢ ዝኾነ ዶክተር ጃን። ተኸቲሉ'ዚ ስሑሓቡ፡ "ጉት ክንኣቱ እንተ'ዄንና፡ ነቶም ብስራዊት ኣመሪካ ኣብ መላእ ሃገራት ምስልምና ዝሞቱ ዘለዉ ግዳያት ንምትካእ፡ ብብዝሒ ክንወልድ ኣለና። ካብ'ዚ ዝዓቢ ጽድቂ ድማ የለን" ይብለሉ።

ዶክተር ጃን፡ ዋላ'ኳ ኣብ ሰማይ ጸዲቓ እያ እንተበለ፡ ኣስማት ደቁ ክዝክር ከም ዘይክእልን ኣብ ገለ እዋናት ድማ፡ ደቂ ጐረቤት ማሰሉዎ ከምዝሰኽምን ይዛረብ።

## እመኑ ኣይትእመኑ

ማኩሚ ኪታ ሴኔጋላዊ መንእሰይ'ዩ። እዚ ወዲ 27 ዓመት ካብ ዝፍጠር ክሳብ ሕጂ ኣብ ኣፉ ጥር ትብል ሲ ኣይበጽሐትን። ብዛዕባ ኩነታቱ ክገልጽ እንከሎ ድማ፡ "ካብ ሓካይም ዝረኸብኩዎ ንጹር መልሲ የለን። ስድራይ'ውን ስለ ዝተሰረኻ ኢኻ ይብሉኒ። ዘሕዝን ግና ስጋ ክሕይኽ ዘይምኽኣለይ'ዩ" ይብል። እዚ ዝኾነ ጥዕናዊ ጸገም ዘይብሉ መንእሰይ።

ማኩሚ ክሳብ ሕጂ ተስፋ ስለ ዘይቆረጸ፡ ኣስናኑ እንተብቚላ ኢሉ ንግዝ ብምትንሳእ፡ ንግርጽኡ መዓልታዊ ብጻዕዳ ሽጉርቲ ካብ ምድራዝ ኣየዕረፈን።

FANCO MINING SHARE COMPANY

# Vacancy Announcement

Fanco Mining Share Company is inviting qualified applicants for the following position.

1. **Position Title: Cook**

**Number required: 01**
**Duty station: Fanco site**

**Duties and Responsibilities**

- The employee is responsible for preparing food, keeps kitchen facilities & maintains sanitation in the banquet hall;
- Supervise all catering activities and kitchen staffs;
- Ensure cleaning of food preparation areas, cooking surfaces, and utensils;
- Maintain sanitation, health, and safety standards in work areas;
- Measure ingredients required for specific food items being prepared;
- Plan and order food items and ensure proper storage before food preparation;
- Prepare and serve beverages such as coffee and Tea;
- Verify that prepared food meets requirements for quality and quantity;
- Coordinate washing, cutting, and preparing of foods designated for cooking;
- Schedule activities and equipment use with Camp manager, using information about daily menus to help coordinate cooking times.

**Education, Training and Qualification**

- Domestic science or related field graduated

**Work Experiences**

- 10 years' experience in this field preferably in identified Restaurants
- Experience in exploration or mining sector is preferential
- Team player and excellent interpersonal skills.

**Salary**

- As per company salary scale

2. **Position Title: Camp Technician/Electrician**

**Number required: 01**

**Duty station: Fanco site**

**Duties and Responsibilities**

- Oversee all electrical, air condition, water pipe systems of the residence camp and work area;
- Ensure that all electrical equipments are maintained in the event of any break down;
- Repairing campground infrastructure and Reporting any issue to your supervisor;
- Ensure all water pipe and plumbing systems work properly and carry out maintenance in the event of any break down;
- Periodically assess the condition of air conditions and plan necessary service schedule;
- Operates and maintains core cutter machine in core yard;
- Working closely with camp, exploration and laboratory supervisors to prioritize tasks;
- Engage in laboratory and exploration activities as assistant depending of the schedule of the general operation at the camp.

**Education, Training and Qualification**

- Diploma or equivalent in electricity, electronics, industrial or related fields in vocational school or institutions.

**Work Experiences**

- Minimum of 5 years experience as technician public sector with preferential in exploration or mining sector;
- Excellent handyperson skills, team-oriented mindset, strong attention to detail and excellent interpersonal skills;
- General knowledge of various electrical equipments, machines and plumbing systems.

**Salary**

- As per company salary scale.

**Additional Requirements**

- Provide evidence of completion or exemption from national service;
- Testimony documents to be attached (CV, work experience credentials, copy of national identity card and etc.);
- Present release paper from current or last employer;
- Application should be sent through post office,
- Deadline for application is 7 days from the day of publication in the news paper.
- Application documents will not returned back to sender.

Please mail your application to
Fanco Mining Share Company P.O.Box: 1038, Tele: 113993, Asmara, Eritrea

Note to Eritrean applicants; please send a copy of your application to:
Ministry of Labor and Human Welfare
Department of Labor
P.O.Box: 5252, Asmara Eritrea



# ምልክታ ጨረታ

ኩባንያ ስርሓት ሓጺንን ዕንጸይትን ሰምበል ኣብ ትሕቲኡ ዝማሓደሩ ኣባላት ኩዕሶ እግርን ተቀዳደምቲ ብሸግሌታን ክለብ ኩባንያ ሰምበል ዝውዕል መግቢ ንምድላዉ ዓቕሚ ዘለዎም ትካላት ቤት መግቢ ብጨረታ ኣወዳዲሩ ምስ ዕውት ውዕል ስራሕ ንምፍጻም መዲቡ ኣሎ። ስለዚ ግዱሳት ትካላት ነዚ ትሕት ኢሉ ዘሎ ረቓሒታት ኣማሊኦም ኣብዚ ጨረታ ክሳተፉ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልኦን ክፈልጦ ዘለዎ ነጥብታት፡

1. ናይ 2019 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ፡ ከምኡ ውን ግብሪ መንግስቲ ናይ 2018 ዝኸፈለን ምስ ቅዳሕ ኤርትራዊ መንነት ወረቐት።

2. ተጫረትቲ ብውሑዱ ናይ 3(ሰለስተ) ዓመታት ተመኩሮ ስራሕ ዘለዎ።

3. ናይ ጨረታ ሰነድ ናቅፋ 50.00 (ሓሙሳ ናቕፋ) ዘይምለስ ብምኽፋል ካብ ቤት ጽሕፈት ኩባንያ ስርሓት ሓጺንን ዕንጸይትንን ሰምበል ክፍሊ ንግዲ ምውሳድ ይከኣል።

4. ተጫረትቲ ናይ ዘቕረቦ መጫረቲ ዋጋታት ብሰታሪት ዓሺጉ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኩባንያ ስርሓት ሓጺንን ዕንጸይትን ሰምበል ክፍሊ ንግዲ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት የረክብ።

5. ተጫረትቲ ንመኽበሪ ጨረታ 100.000 (ናቕፋ ሚእቲ ሽሕ) ቼክ ብ(CPO) ዝተዳለወ ትሕጃ የትሕዝ።

6. ተጫረትቲ ሃገራዊ ግቡኣት ዘማልአ (ዝፈጸመ) ወይ ዘይምልኩቶ ምኽኑ መራጋገጺ ከቕርብ ይግባእ።

7. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸኣሉ ዕለት ኣትሒዙ ን10 ተኸታታሊ ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ መበል 11 ናይ ስራሕ መዓልቲ ሰዓት 9፡00 ቅ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላት ኣብ ዘለዉሉ ኣብ ቤት ጽሕፈት ትካል ይኽፈት።

8. ኩባንያ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተድኣ ረኺቡ ነዚ ጨረታ'ዚ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኩባንያ ስርሓት ሓጺንን ዕንጸይትን ሰምበል ኣስመራ

## ምልክታ

ብስም ሜሮን ተዓገስ ሰዩም ዝተመዝገበ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00036541 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና 176-21 ቁ.ገዛ 36 ዝርከብ ናይ ቡቲክ ትካለይ ንወ/ሮ ሓበን ኣፈወርቂ መስፍን ካብ ዕለት 01/10/2019 ክሳብ ዕለት 30/09/2021 ኣካርየዮ ስለዘለኹ ዝቃወም ምስ ዝህሉ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጻሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ንዘሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ሜሮን ተዓገስ ሰዩም

## ንካልኣይ ግዜ ዝወጸ ምልክታ ጨረታ

ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ነፍሒ ነዞም ስዒቦም ተዘርዚሮም ዘለዉ ኣገልግሎታት ዝህቡ ግዱሳት ተጫረትቲ ንኽወዳደሩ ይዕድም።

ሀ. 1, ጽገና (Service Maintenance) Copier, Printer and projector

2, ናይ ፎቶ ኮፒ (ሕትመትን ምድፕታርን) ኣገልግሎት ዝህብ ዱኳን

3, ኣብ ኮለጅና ዝርከብ ናይ ህንጻን መሳኹትን፡ ቬትሮታት ምሉእ ጽገናን ጽሬትን ምሃብ

4, ተረፍ መረፍ መግብን ማኛን ብናቶም መጓዓዝያ ዝወስዱ

ለ. ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ረቛሒታት

1. ናይ 2018 ዝተሓደሰን ምስ ዝህብዎ ኣገልግሎት ተመሳሳሊ ፍቓድ ንግዲ ክኸውን ቅዳሕ ፎቶ ኮፒን ከቕርቡ።

2. ንመኽበሪ ጨረታ ዝኸውን ንጽገና ፎቶኮፒ 25.000.00 (ዒስራን ሓሙሽተን ሽሕ ናቕፋ) ናይ ዱኳን እንዳ ፎቶ ኮፒ 15.000.00 (ዓሰርተ ሓሙሽተ ሽሕ ናቕፋ) ንጽገናን ጽሬትን ቬትሮታት 10.000.00 (ዓሰርተ ሽሕ ናቕፋ) ንተረፍ መረፍ መግብን ማኛን 30.000.00 (ሰላሳ ሽሕ ናቕፋ) ብC.P.O ኣሰሪሖም የቕርቡ።

3. ተጫረትቲ ዘይምለስ 100.00 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ይወስዱ።

4. ሓበሬታን ዝርዝር መግለጽን ዝደሊ ተጫራታይ ብኣካል መጺዩ ወይ ብቁጽሪ ቴሌፎን 08204288 ደዊሉ ክሓትት ይኽእል።

5. ጨረታ ብጋዜጣ ተሓቲሙ ካብ ዝወጻሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 ተኸታተልቲ መዓልታት ክፉት ኮይኑ ንጽባሒቱ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ይኽፈት።

6. ኮለጅ ስነፍልጠት ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብኽፊል ወይ ብምሉእ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ነፍሒ

## ምልክታ

ወ/ሮ ፋጥማ መሓመድ ኣሕመድ ኣሕመድ ዝተፈቐደለን ናይ ድኳን ንግዲ ትካለን "ስዒድ ሳምራ ድኳን" (SIED SAMRA SHOP) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፣ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ዉሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምእንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

## ምልክታ

ብስም ኣቶ ጸጋብርሃን ዘወልዲ ንጉሰ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁጽሪ ምስክር ወረቐት 110354 መወከሲ ቁጽሪ 100747 ዝተመዝገበ ኣብ ኣስመራ ዞባ 3 ምም/03 ጎደና ነሲቡ ዘኣማኒኤል ቁ.ገዛ 10 ናይ ዝርከብ ኦርጂናል ገዛ ሊብሬቶ ስለዝጠፍኣኒ፣ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሒዘዮ ዝብል እንተሎ ኣብ ወሽጢ 30 መዓልታት፣ ብቁጽሪ ቴሌፎን 07227585 ክሕብረኒ እንተዘይኮይኑ መተካእታኡ ክሓትት ምኻነይ ይሕብር።

ኣቶ ጸጋብርሃን ዘወልዲ

## ምልክታ

ኩሉኹም ሰብ ብርኪ ማሕበር ትምህርታዊ ትካል ቤት ትምህርቲ ገንፈሎም (ሬይንቦው ነበር) ዝኾንኩም፡ ሓፈሻዊ ኣኼባ ሰብ ብርኪ ንቐዳም ዕለት 9 ሕዳር 2019 ንግሆ ሰዓት 9፡00 ኣብ ገጅረት ጎደና ራሓይታ ዝርከብ ቁጽሪ መባእታ ቤት ትምህርትና(Primary School) ክካየድ ስለዝኾነ ብኣካል ወይ ብሕጋውያን ወከልትኹም ንኽትርከቡ ንሕብር።

ኣባላት ቦርድ ቤት ትምህርቲ

## 2ይ ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ገነት ኮፐራቲቭ ሕርሻን ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ኪዳነ ረዳእን ዝተፈጥረ ክርክር 1ይ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ብ.ቁ መዝ 1649/2018 ብዕለት 20/9/2018 ዝተዋህበ ናይ ኣፍጻጸም ትእዛዝ ምርኩስ ብምግባር እዛ ሰሌዳ ቁጽሪ ER-1-c-2607 ሚስቱቡሺ ዝዓይነታ ሚኒባስ መኪና ተሸይጣ መኽፈሊ ዕዳ ትኹን ክብል ብዝኣዘዞ መሰረት ቤት ፍርዲ ን2ይ ሓራጅ ፍርቂ ናይቲ መበገሲ ዋጋ 57,500 (ሓሙሳን ሸውዓተን ሽሕን ሓሙሽተ ሚኢትን ክትግመት እንከላ ጉድለት ጎማ እስካርታ መፍትሕ ካድሮ ክሪክ ዘለዎ ኮይና ኣብቲ ን18/11/19 ዝካየድ ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ ብኣካል ወይ ሕጋዊ ወኪሉ ተጠራቃሚ ሕሳብ (BOOK ወይ C.P.O ብስም ፈ/ፍርዲ ¼ ናይቲ መበገሲ ዋጋ ሒዙ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል።

ዕለት ሓራጅ 18/11/19
ቦታ ሓራጅ - ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ገበን መጋባእያ ቁ.27
ሰዓት ሓራጅ - 3፡00-4፡00 ድ/ቀ

N.B ተወሳኺ ሓበሬታ ዝደሊ ኣብ ቁ.67 ብምቕራብ ክውከስ ይኽእል ዝተጠቕሰት መኪና ክርኢ ንዝደሊ ኣብ ሓሰን ጋራጅ ከይዱ ክርኢ ይኽእል፡ መአገዲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ምስ ዘይቀርብ ሓራጅ ኣየቓርጽን እዩ።

## ምልክታ

ብስም ቁድስ ገብረሚካኤል ኣርኣያ ዝተመዝገበ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00040349 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ቲራቮሎ ጎደና ፋሕ ቁ.ገዛ 4A ዝርከብ ናይ ኤሌትሮኒክስ መሸጢ መዐረይን ኣቑሑት ትካለይ ንወ/ሮ ለተንስኤ ገብረማርያም ምራጭ ካብ ዕለት 01/05/19 ክሳብ 30/6/2021 ኣካርየዮ ስለዘለኹ ዝቃወም ምስ ዝህሉ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጻሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ንዘሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይ ኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ቁድስ ገብረሚካኤል ኣርኣያ
ሕጋዊ ወኪል ብሩኽ ገብረሚካኤል ኣርኣያ

## ምልክታ

ነፍ/ር ኣቶ ወልደልኡል ኡነቴን ኣቶ ዓንደመስቀል ኡነቴን ብወኪል ለምለም ገብረንጉስ ተፋ ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ኣርባዕተ ኣስመራ ጎደና 137-44 ዓይነት ህንጻ ተራ ገዛ ስፍሓት 80 ት/ሜ ምስክር ወረቐት ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብስም ነፍ/ ኡነቴ ዉቤ ዝተመዝገበ ናብ ስም ወረስቲ ክልተ ደቆም ከነመሓላልፎ ስለዝደለና ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ውን ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታዮ ይቕረብ። ተቓውሞ ምስ ዘይቀርብ ግን ጉዳይና ከነፈጽሞ ምኳንና ነፍልጥ።

ነፍ/ ኣቶ ወልደልኡል ኡነቴን ኣቶ ዓንደመስቀል ኡነቴን

## ምልክታ

ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ ከባቢ ዚፕ ኮድ ማይተመናይ 1A158 ፕሎት 32 ቁ. ፓርሰል ዞን ASP00037919 ፓርሰል (A) ስፍሓት መሬት 180 ት/ሜ ዝኾነ ኣብ ጎደና 158-9 ቁ.ገዛ 128 ዝርከብ 3 ቀንዲ ክፍልታት 2 ሓገዝቲ ዘጠቓለለ ብስም ኣቶ ሰመረ ተኽለ ካሕሳይን ወ/ሮ ሰማይነሽ ዘርኣጽዮን እምባየን ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብመሰረት ውሳኔ ናይ ኮ/ቤ/ፍ/ማእከል ከተማ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ ዝቃወም ሰብ እንተሃልዩ እዚ ምልክታ ካብ ዝወጻሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ሕጊ ብዝፈቐዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ኣካል ናይ መአገዲ ትእዛዝ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን፡ ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስትራልን የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተፈሊጡ ስም ዋንነት ናይዚ ገዛ ናብ ስመይ ክመሓላለፈለይ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምኳነይ እሕብር።

ወ/ሮ ሰማይነሽ ጸጋይ ተኽለ
ቁ.ቴሌፎን 07450364

## ምልክታ

ብስም ኣዜብ ኣርኣያ ኣረፈ ዝተመዝገበ ብ ቁ.ፍ.ዋኒን ASL00035153 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ዓዲ ኳላ ቁ.ገዛ 84 ዝርከብ ናይ ቡቲክ ትካለይ ንኣቶ ኣብርሃም ገብረብርሃን ገብረዝጊ ካብ ዕለት 01/01/2018 ክሳብ ዕለት 31/12/2024 ኣካርየዮ ስለዘለኹ ዝቃወም ምስ ዝህሉ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጻሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ንዘሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ኣዜብ ኣርኣያ ኣረፈ
ሕጋዊ ወኪል ጸሃየ ሞገስ ሃብተማርያም

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. Position: Senior Reliability Engineer
   Department: Engineering Process Plant
   Number Required: One (01)

Primary Purpose

- Manage the reliability and maintenance engineering section, to ensure production target and budgets set are achieved/exceeded in alignment with the company health & safety policies. Scope includes HME and Process Plant.

- Main Function
  - Originates and develops analysis methods to determine maintenance demands & reliability of components, equipment and processes.
  - Acquires and analyzes equipment & downtime data.
  - Prepares diagrams, charts, drawings, calculations and reports to define downtime & reliability problems and make recommendations for improvements and outage/downtime reduction.
  - Conducts an analysis of reliability & downtime problems and investigates to determine the reliability approach, personnel/equipment required for the particular situation, with consideration given to cost limitations for equipment uptime/downtime, repair/replacement costs and weight, size and availability of materials/equipment.
  - Determines cost advantages of alternatives and develops action plans that comply with customer demands for reliable processes/equipment to avoid outage & failures.
- Tasks and descriptions Expanded to Core Performance Areas
- Trend & conduct analysis
  - Acquires equipment & downtime data
  - Analyses and presents findings on a suitable format to managers and superintendents for decision-making purposes.
- Studies & implementation of solutions to performance issues
  - Initiate & manage projects to identify and fix equipment performance issues.
  - Designs and develops new and unique repair methods and procedures
  - Implement test procedures and special analysis of failure modes
- Review and maintain of PM's
  - Work closely with planners and work execution teams to understand and improve issues related to work instructions
  - Analyse the performance of the PM's and their relevance with regards to preventing failure (root causes).
  - Coach and support the execution teams in the development of comprehensive standard jobs.
- **Manage the CBM function**
  - Provide training and mentoring to the CBM team (techniques, standards and procedures)
  - Ensure the CBM team work in accordance with relevant laws, regulations, company policies and procedures.
  - Promote good behaviour and motivate the team to become "performance driven".
- Manage the CBM function
  - Provide training and mentoring to the CBM team (techniques, standards and procedures)
  - Ensure the CBM team work in accordance with relevant laws, regulations, company policies and procedures.
  - Promote good behaviour and motivate the team to become "performance driven".
- Manage the maintenance engineering function
  - Provide training and mentoring to the maintenance engineers.
  - Ensure the maintenance engineering team work in accordance with relevant laws, regulations, company policies and procedures.
  - Develop and maintain the proper interaction with Managers and Superintendent to remain informed on current business needs
- Manage the execution of RCA & RCM studies
  - Manage the root causes analysis and provide support for decision making for management.
  - Engage with the relevant OEM to develop solutions to technical issues.
  - Manage RCM studies on critical assets presenting performance issues.
- Manage contractors
  - Engage and manage supporting contractors when required.
- General
  - Relieve the Principal Engineer when required
  - Promote good behaviour and world best engineering practices.
  - Ensure his team coordinate Drawing revisions/updates
  - Manage the process plant enterprise risk management (ERM) protocols

| **Qualifications:** |
|---|
| Degree in Mechanical/ Electrical Engineering |

| **Knowledge and Experience:** |
|---|
| 10 - 15 years relevant experience |
| 5 - 10 years Management skills |
| 5 Years in application of RCM Practices |

| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
|---|---|
| Computer Literacy (MS Office – Intermediate, Excel – Advanced, MS Project – Intermediate) | Communication (English) |
| Process Plant Engineering maintenance and environment experience | Assertiveness |
| Attention to detail | Interpersonal Relations |
| Analytical skill | Integrity |
| Management skills | Prioritizing skills & multi-skilling |
| Problem solving skill | Ability to work towards strict deadlines |
| Financial Management Skills | Coaching & Team-building skills |
| Strategy Exposure | Discretion |
| Project Management<br>Maintenance Management | Self-motivation<br>Cultural Diversity experience |
| RCA, FMEA, RCM | |
| HME experience/exposure will an advantage | |

## GENERAL INFORMATION

- **Place of Work: Bisha Site**
- **Salary: As per company salary scale**

**Additional Requirement for Nationals**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence for release paper from Ministry of defense**
- **Present clearance paper from current/last employee**
- **Testimonial documents to be attached( CV, work experience crediancials, a copy of your national Identity Card etc)**
- **Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned back to sender**
- **All Applications should be sent though the post office.**
- **Deadline for application; 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to;**

- **Bisha Mining Share Company,**
- **P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**

- **Please send a copy of your application to**
- **Aliens Employment permits Affairs,**
- **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea
Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

# Vacancy Announcement

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

Position: Auto Electrician
Department: Mining Stream
Section: HME Maintenance
Number Required: 01 (one)

Primary Purpose:

- Responsible for electrical activities to maintain and or repair LIGHT VEHICLES in the work shop including auto air conditioning components and piping including generator repairs electrical and auto electrical.

Major Duties and responsibilities:-

1. **Planning**
   - Follow the "Planned Maintenance Schedule"
   - Follow daily job cards
2. **Implementation of the plan**
   - Identify the highest priority for each day and focus on completing relevant task.
   - Ensures good housekeeping.
   - Carries out actual maintenance and repairs of work shop in an efficient and effective way in order to minimise downtime. Makes use of Electronic Technical using OBD system to diagnose problem.
   - Performs regular inspections in order to detect potential problems before the couse break downs.
   - Minimises downtime by ensuring the best thecniques are being used to repair breakdown.
   - Ensure safety requirement are fulfilled at the work place, including leding Field Level Risk Assessment (FLRA) and properuse of the appropriate PPE. Report any safety/ incidents.
   - Comply with mine's cardinal rules and other safety, environmental or other rules and standards as directed. Identifies any hazards in the work place.
   - Conducts preventative maintenance on the work shop by checking the following; circuit & wiring diagrams, sketchi schetches, operation manuals, manufacturer's instructions and engineering spesfications troubleshooting malfunctions.
   - Carries out "Fault finding" by using relevant testing instruments.
   - Removes defective parts and examines form and texture of parts todetermine causes of failure.
   - Determines changes in dimensional requirements of parts by using relevant measuring instruments.
   - Understands and is familiar with basic auto electrical system.
   - Attends technical and other training as required by supervisor.
3. **Reporting**
   - Compile daily; progress auto electrical reports as requested.

Qualifications:

- Grade 12 for locals (Trade school )
- Technical certificate (Electrical)

Knowledge and Experience:

- 3-5 years relevant experience

| Technical Skills | Behavioural Skills |
|---|---|
| ○ Computer Literacy (MS office-Intermediate)<br>○ Attention to detail<br>○ Analytical skill<br>○ Electrical experience<br>○ Problem solving skill<br>○ Pass "Colour blind test" | ○ Communication (English)<br>○ Assertiveness<br>○ Interpersonal Relations<br>○ Integrity<br>○ Prioritizing skills & multi-skilling<br>○ Ability to work towards strict deadlines<br>○ High level of accuracy<br>○ Discretion<br>○ Self motivation |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to;**

- **Bisha Mining Share Company,**
- **P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**

- **Please send a copy of your application to**
- **Aliens Employment permit Affairs,**
- **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea.**

# ምልክታ

ምም/ሆቴላት መንግስቲ ኣብ ኣስመራ ንዝርከባ ሆቴላት መንግስቲ ቀረብ ኣሕምልትን ፍረታትን ኣብ ባጽዕ ንዝርከባ ሆቴላት መንግስቲ ድማ ቀረብ ስጋ ካብ ዕለት 01/11/2019 ዝጅምር ወርሒ ዝጽኣንሕ ከቕርቡ ንዝኽእሉ ሕጋውያን ነጋዶ ንጨረታ ይዕድም።

<u>ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም</u>

. ናይ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን ቀዳሕ መንነት ወረቐትን።

. መኽበሪ ጨረታ 10,000.00 (ዓሰርተ ሽሕ) ናቕፋ ብCPO የትሕዝ።

. ተጫራታይ ሃገራዊ ግቡኡ ዝፈጸመ ወይ ዘይምልከቶ ክኸውን ይግባእ።

. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጻሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፋት ኮይኑ ሰነድ ጨረታ (መግለጽን ዝምላእ ቅጥዕን) ኣብ ኣስመራ፡ ኣብ ደምበ ሰንበል (እንዳኮርያ) ዝርከብ ህንጻ ሚኒስትሪ ቱሪዝም ቤ/ጽ ምም/ሆ/መንግስቲ ፥ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ዘይምለስ ናቕፋ 50,00 (ሓምሳ)ብምኽፋል ክውሰድ ይከኣል።

. ጨረታ ድሕሪ ምዕጻዉ ቀጺላ ኣብ ዘላ ናይ ስራሕ መዓልቲ ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀ ተሳተፍቲ ወይ ወኪል (ዉሉድ፡ ወላዲ፡ በዓል/ቲ ቤት) ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ህንጻ ሚኒስትሪ ቱሪዝም ቤ/ጽ ምም/ሆ/መንግስቲ ይኽፈት።

. ምም/ሆ/መንግስቲ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብምሉእ ይኹን ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ምም/ሆ/መንግስቲ

# ቀንስትዮ

ነጃት ኣድም

## ሳላ ፍሕሸውናኣ....



ኣሕዞኖ። ልዕሊ ኩሉ ግን ደቃ ተረኣዩዋ። ከይተፋነውየምን ኣላዩ ከይገደፈትሎምን ትኸይድ ብምንባራ ንኡብስ ረገመታ። ወላ'ኳ ኩሉ ዝበኣላ ጊዩራ መዋጽኦ ከም ዘይብላ እንተፈለጠት፡ ክሳዕ'ታ ናይ መጠረሽታ ትንፋሳ እትሓልፈላ ካልኢት ግን ብተኣምራት ካብ ሞት ከተምልጥ ሃሳስ ተሰፋስ ነይሩዋ እዩ።

ኣብ ከምዚ ኩነታት እንከላ እዩ'ምበኣር እቲ ብህይወት እንከላ ዳሞግይ ማዕጾ ከኸፈት ተስፋ ኣቕሪጹዋ ዝበረ ኣጋጣሚ፡ ምእማኑ ብዝጸግም ከኸፈት ዝሰምዓቶ። ሓይላ ተዳኺሙን ኣዝያ ፈዚዛን'ኳ እንተነበረት፡ በቲ ሓድሽ ክስተት ብውሽጣ ኣዝያ ተሰራሰረት። ኣብ ሓድሽ ተስፋ ከኣ ቀሲና ኣይሓጎሰ ኣይሓዘን ኩይኑዋ ናብ ሃለዋት ምጥፋእ ኣተወት።

ኣብ ሓደ ዓቢ ትካል መከፋፈሊ ስጋ እያ እትሰርሕ። ኣብ ስራሓ ትግሃትን ብኣሰራሕታ ምስጉንትን ከኣ እያ። ከም ኩለን ኣደታት ኣብ ገዛ ዝኣለዩ ቈልዑን ሓዳርን'ኳ እንተነበራ፡ ንኹሉ መመደቡ ብምውጻእ ሓንቲ መዓልቲ'ውን ናብ ስራሕ ደንጕያ ኣትያ ኣይትፈልጥን እያ። ምስ ኣሰራሕታ ይኹን መሳርሕታ እናተረዳደኣትን እናተሳየጸትን ትነብር።

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ፡ ስራሕ ተወዲኡ ናብ ምፍዳስ ገዛ እናቐረበ ኣብ ዝኸደሉ ዝበረ ግዜ፡ ከም ልማዳ ነቲ ኣብ መዝሓሊ ክፍሊ ኣትዩ ዝበረ ስጋ ክትከታተል ነቲ ከቢድ ማዕጾ ከፊታ ኣተወት። እቲ ረዚን ማዕጾ ግን ከየስተውዓለትሉ ብድሕሪኣ ሸረር ኢሉ ተዓጽወ። ምኽንያቱ ወዲኣ ካብቲ ከትከት ዝብል ገዛ ክትወጽእ ምስ ተበገሰት ግን ማዕጾ ደሮ ተረጊጡ ምንባሩ ኣረጋገጸት።

መፍትሕ ከተናዲ ናብ ጅባኣ ሃሰሰ ክትብል ጀመረት። ናይ ሰንባደ ጊዩራቶ'ምበር፡ መፍትሕ'ሲ ብደገ ኣብ ኣፍ እቲ ማዕጾ እዩ ተሰኺዑ ነይሩ። ብሰንባደ ከኣ ልባ ፈግ በለት። ትሕዞን ትጭብጦን ጠፊኡዋ ከኣ ተዓኒዳ ደው በለት። እቲ ቀዝሒ በረድ ዛሕሊ ናይቲ ክፍሊ ቀሩብ ግዜ እንተጸኒሓ ከም ዕንጨይቲ ኣድሪቑ ክሰብብራ ምኳኑ ምስ ዘከረት ከኣ ጭንቀታ ሰማይ ዓረገ።

ነቲ ማዕጾ እናደግደገት ዓው ኢላ "ርድኡኒ" እናበለት ክትውጭጭ ጀመረት። ሽዑ'ውን ትፍትን'ምበር ዝሰምዓ ሰብ ከም ዘይትረክብ ርግጸኛ እያ ነይራ። ግን ኣይፍለጥን ከኣ ንኣሰታት ፍርቂ ሰዓት ምድጕዳጕ ማዕጾን ምውጭጫን ቀጸለት። ዝሰምዕ ሰብ ወይ ዝረድእ ግን ኣይነበረን። ክሳዕ ንጸባሒቱ ንገሆ መጺኦም ዝኸፍቱዋ ብህይወት ክትጸንሕ ዘይምኳና ስለ ዝተረደኣት ከኣ ንሞት ተቐቢላ ትንፋሳ ክትሓልፍ ተጸበየት።

ግዜ እናተደረበ ብዝኸደ፡ ኣካላታ ብዛሕሊ ከንክትክትን ክቕምስልን ጀመረ። ብዘይካ ምስ ሞት ምፍጣጥ ግን ካልእ ኣብ ኢዳ ዝበረ ኣማራጺ ኣይነበረን። ኣብ ዘይሓሰቡዎን ኣብ ዘይትዳለወትሉን እዋን ምስ ሞት ምግጥጣም ኣዝዩ ገረማ። ለሚ ነይሩ ጸገሕ የላን ክበሃል ከኣ ኣዝዩ ብዘጸግም ክኸፈት ዝሰምዓቶ።

ብኸመይ ካብኡ ወጺኣን መን እዩ ካብ ኣፍ ሞት ኣድሒኑዋን ፍጹም ትፈልጥ ኣይነበረትን። ኣብ ሕክምና ኣብ ዓራት ደቂሳ ኣብ ዝበረትሉ ከኣ እያ፡ ብዙሓት መሳርሕታ ኣብ ዙርያኣ ከቢቦም ኣብ ዝጸሓሉዋ፡ እቲ ዋርድያ ናይቲ ትካል ምኳኑ ኣድሓኒኣ ዝነበረት። ካብ ማእከል'ቶም ኣጋይሽ ፈልያ ብምጥማት ከኣ ብዙሕ ኣመስገነት።

በይናም ምስ ተረፉ፡ ደጋጊማ ብምምስጋንን ብምምጓስን ከኣ፡ ብኸመይ ኣብኡ ተዓጺያ ምንባራ ክፈልጥ ከኢሉ ሓተተቶ። "እታ ግዜ እቲኣ ዝለመድኩዋ ዝሰኣንኩላ ብምንባራ እየ ሕማቕ ከም ዘጋጠመኪ ክፈልጥ ክኢለ" ድሕሪ ምባል፡ ኣብቲ ትካል ብዘይካኣ ፍሕሽው ገጽ ዘርእዩ ዘይምንባሩን፡ ንገሆ ብእትህቦ ፍሕሽው ሰላምታ ኣዝዩ ጸቡቕ ከም ዝውዕል፡ ምሸት ድማ በቲ ናይ ደሓን ሕደር ፍሕሽው ሰላምታኣ ኣዝዩ ጥዑም ለይቲ ከም ዝሓድርን ብምግላጽ፡ ማዕረ ክንደይ ኣብ ህይወቱ ዓቢ ሰላምን ፍስሃን ከም እትፈጥረሉ ኣዕለላ።

እታ ናብ ሓደጋ ዝወደቐትላ እዋን'ምበኣር፡ ኣብ እዋን ፍዳስ ብምንባሩ፡ ምስቶም ሰራሕተኛታት ክትወጽእ ኣይረኣያን። ናይ ደሓን ሕደር መቐጸሉ ስለ ዘይወሰደ ከኣ እዩ ክጠራጠር ጀሚሩ። ንገሆ ፍሕሽው ሰላምታ ከም ዝለቦ ብምዝካር ከኣ ደሓን ሕደር ከይበለቶ ከም ዘይትኸይድ ብምርግጋጽ፡ ኣብ ውሽጢ ዝኾነ ጸገም ኣጋጢሙዋ ምንባሩ ደምደመ። ኣብ ኩሉ ከናድያ ከኣ ወሰነ። ኣብቲ ክትህልዎ ትኽእል ዝበሎ ፈቲሹ ፍጹም ሰኣና። ምናልባት ብዙብል ከኣ እዩ ናይ መጠረሽታ ፈተናኡ ኣብቲ መዝሓሊ ክፍሊ ክፍትሻ ሃቂኑ። ኣብኡ ከኣ ብህይወት ጸንሓቶ። ሳላ ፍሕሸውናኣን ሰላማን ከኣ ካብ ሞት ደሓነት።

## ሕማቕ ባህርያት ደቅናን ፍወሳኡን

ቈልዑ፡ ልክዕ ከም ጻዕዳ ወረቐት እዮም። ልክዕ ከምቲ ወላሓንቲ ጽሑፍ ዘይብሉ ንምጽሓፍ ቅሩብ ዝኾነ ወረቐት፡ ንሶም'ውን ንኽነምላእ ዝጸበዩ ንጹህን ክፉትን ጥርሑ ኣእምሮ ዝሓዙ ስለ ዝኾኑ። ልክዕ ከምቲ ኣብቲ ወረቐት ዝሰፈረ ጽሑፋት ትሕዝቶኡ ከም ጸሓፊኡ ዝኸውን ከኣ፡ እዚ ሓድሽ ኣእምሮ'ዞም ህጻናት'ውን ብመንጽር እቶም ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሰባትን ኩነታትን እዩ እናተመልአ ዝዓቢ።

ዝኾነ ቈልዓ ካብ ንብረ ወጻኢ ቅጥዒ ዘይብሉ ሕማቕ ባህርያት ሒዙ እንተደኣ ጺሒሑ፡ እቲ ጸገም ናቱ ዘይኮነስ ናይቲ መዕበያኡን ከባቢኡን ከም ዝኾነ እዩም ኣብ ቈልዑ ኣተኩሮም መጽናዕቲ ዝገበሩ ተመራመርቲ ዝሕብሩ። ምስ መዕበያኻ ጥፋእ'ኳ ዝበሃል፡ ብኣንጻሩ ጸቡቕ ባህሪ ሒዙ ዝዓቢ ቈልዓ ከኣ ከምኡ ኹዑብራቕ ወለዱን ከባቢኡን ይኾውን።

ብፍላጥ ይኹን ብዘይ ፍላጥ፡ ብዙሕ ግዜ ወለዲ ንሕማቕ ባህርያት ደቆም ዕሽሽ ኢሎም ክሓልፉዎ ይረኣዩ እዮም። ሰኣን ንሕማቕ ነገር ኣብ ግዜኡ ምእራም ከኣ፡ ኣብ ህይወቶምን ህይወት ሕብረተ-ሰቦን ሰፍ ዘይብል ኣሉታዊ ጽልዋ ከም ዘውርዱ ይኾኑ። ብፍላይ ኣደታት ከኣ፡ ዝጠዘለ ግዜኣን ምስኦም ዘሕልፋኦን ብዚያዳ ሓላፍነት ዝሰከማን ብምኳነን ቀዳሞት ተሓመይቲን ወትሩ ተመረርትን እየን።

ዝኾነ ኩይኑ፡ ከም ኣደታት መጠን ንግቡእ ኣተዓባብያ ቈልዑ ዝምልከት፡ ኣብ ርእሲ ዘለወን ፍልጠትን ተሞኩሮን፡ ብመጽናዕትታትን ሱፍልጠትን ዝተሰነየ ማእለያ ዘይብሉ ሓገዝቲ ሓሳባትን ምኽርታትን ክህሉ ዝኽእል'ኳ እንተኾኑ፡ ንሎሚ ግን ንገለ ካብቶም ደቅና ክይጥቀምዎም እንፈርሖም ሕማቕ ባህርያት፡ ኑቶም ዘለዎም ከኣ ካብኡ ዘናግፉ፡ ወትሩ ክንጥቀመለን ዘለና ሓረጋት ኣለዋ'ሞ፡ ንኪታተል፦

ቈልዑ፡ ብዙሕ ግዜ ብኣብ ሕሉፍ ዘጋጠሞም ሕማቕ ነገራት፡ ብርቱዕ ሕርቃን ክገጽሞ ዘሎ መንጸር ከኣ ከዕርግሩን ካልእ ሕማቕ ነገራት ክፍጽሙን እዮም ዝረኣዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት'ምበኣር ደቅና ኣብ ዝኾነ ይኹን ዓይነት ሕማቕ ኣብ ዝፍጽሙሉን ዘጋጥሞምን ግዜ፡ "እቲ ዘጋጠመ ኣጋጢሙ ኣሎ፡ ብዙሕ ዘሕርቕ የብልካን/ክን" ዝብል ሓረግ ምጥቃም፡ ካብ ድሒሩ ዝስዕብ ሕማቕ ነገር ከነላግሎም ንኽእል ኢና። ከምዚ ክንብል እንከለና፡ "ዝተኻዕወ ኣይምለሰን እዩ.." ዝሰምዕ መልእኽቲ ኢና እነመሓላልፈሎም።

ምናልባት ዚ ሓረግ ቃላት፡ ኣብቲ ርሱን ሕርቃኖም ቁጠዐኦም እንከለው ምስ እንጥቀመሉ፡ ዘይክሰምዑናን ዘይክርድኡናን ይኽእሉ እዮም፡ ምስ ሃደኡ ግና፡ ግዜ ሂብና ኣብ ግዜ ቁርሲ፡ ምሳሕ ወይ ድራር፡ ምስ እንጥቀመሉ ብዚያዳ ነቲ ሓሳብ ክርድኡዎን ኣብ መጻኢ፡ ቅድሚ ዝኾነ ነገር ምግባርም ክልተ ሳዕ ከም ዝሓስቡ ክገብርዎን ይኽእል እዩ።

ቈልዑ ነቲ ዝደልዩዎ ነገር ብኸመይ ደረኽቡዎ፡ ናይ ገዛእ ርእሶም ኣገባብ ኣለዎም። ነቲ ክረኽቡዎን ክፍጽምዎን ዘይንደልዮ ነገራት ከኣ ደረት ኣልቦ ልመና፡ ምምሽኻንን ምቅብጣርን ክገብሩ እዮም ዝረኣዩ። መብዛሕትና ወለዲ ግን፡ ብፍላይ ኣደታት፡ ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ በቲ ኣሰዳዲ ልመናኦምን ምቅብጣርን ተሳዒርና፡ ከይፈተና ኢና ናብ ሓሳቦም ክንርዕም፡ ነቲ ክንፍጽመሎም ዘይግቡኣና ነገራትን ተደናጊጽና ከፍቅደሎምን እንረኣ።

እንተኾነ ግና ምእንቲ ብሰንኪ ዘደሊን ዘይምኽንያታውን ተደናጋጽነትና ተበሊስና ከፍቅደሎም ዘይግቡኣና ነገራት ምፍቃድና ዝበዝሐ፡ ሕማቕ ባህርያት ሒዞም ከይዓብዩን ሕማቕ ነገር ከየማዕብሉን በቲ ቅኑዕን ልዙብን ኣገባብ ኢና ክንሕዞምን ክንኣናኽሶምን ዘሎና። ህንጡይነቶምን ሃረርታኦምን ከም ዝተረዳእና ብምግላጽ፡ "ማዕረ ክንደይ ሓሪቖካ/ኪ ከማዘኻኺ


ደርዳኣኒ እዩ። ግን ሕጂ'ውን እቲ መልሲ ኖእ/ኣይፋል እዩ" ብምባል ኢና፡ ንግዜኡ ሓሪቖም ተቐጢዖም፡ ናይ ዘልኣለም ጽቡቕ ባህርን ነገራትን ከም ዝህልዎም ክንገብር ዝግባኣና።

ቈልዑ፡ ኣኽብሮት ናይ ዝኾነ ይኹን ሰብ ዘይብሎም ምስ ዝኾኑ፡ ነገራት ብህጹጽ ክንቈልቍሉ እዮም ዝረኣዩ። ብዚያዳ ከኣ ምስ ዓበዩ እዩ ዓቢ ሽግር ዝፈጥር። ደቅና፡ ናትና ጥራይ ዘይኮኑ ናይ ሕብረተሰቦም ሃገርን እዮም። ምስ ዓበዩን ኣብ ዝበጽሕ ምስ በጽሑን፡ ናይ ሕብረተሰቦን ሃገርን ሓላፍነት ተሰኪሞም ዘመሓድሩን ዝኣልዩን ንሶም እዮም። እዞም ኣኽብሮት ዘይብሎም ኩይናም ዝዓብዩ ህጻናት ከኣ፡ ኣብዚ ደረጃ ምስ በጽሑ ዘውርዱዎ ሳዕቤን ኣብ ሕጂ ኴንና ንምርኣዩ ኣየጸግመናን እዩ። ስለዚ ድማ ኢና ካብ ግዜ ቈልዕነቶም ኣትሒዝና "እንታይ ዓይነት ኣኽብሮት ከተንጸባርቕ ኣለካ/ኪ ትፈልጥ/ጢ ኢኻ/ኺ..." ዝብል ሓረግ ቃላት ደጋጊምና ክንጥቀመሉን፡ ኣኽብሮት ክንምህሮምን ዝግባኣ።

"ሓደ ሓደ ግዜ፡ ሕያዋይነት ዝመልኦ ባህሪ ከተንጸባርቕ/ቒ ተዓዚበ ኣለኹ..." ዝብሉ ሓረግ ቃላት፡ ደቅና፡ ካብቲ ጽቡቕ ባህሪ ከንጸባርቑ ኣብ እንዕዝበሉ እዋን ንላዕሊ፡ ብዚያዳ ሕያውነት ኣብ ዘርእዩሉ እዋን ምስ እንጥቀመሉ እዩ ውጽኢቱ ብዚያዳ ዝዓዝዝ። ቈልዑ፡ ኣብ ኣሕዋቶም፡ ኣዝማዶም፡ ኣዕሩኽቶምን ካልኦት ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ መቕርኦምን ሕያውነት ዘየርእዩ ይኽእሉ እዮም። ኣብዚ ግዜ'ዚን ኣጋጣሚን ከኣ፡ ኣክንዲ ብቐጥታ ስለምንታይ ከምዚ ትገብሩ...?" ምባል በቲ ጽቡቕ ጎናም እንተደኣ መጺኣናዮም፡ ዚያዳ ናብቲ ግቡእ ቦታኦም ስለ ዝምለሱ እዩ። እዚ ሓረግዚ'ምበኣር፡ ሕያዎት ክኾኑ ከም ዝኽእሉን ከም ዘለዎምን ኣዘኻኺሩ፡ ንሕና'ውን ኣብ ልዕሊኦም ልዑል እምነት ከም ዘለና ዘንጸባርቕ ኣገባብ እዩ።

"ኣዝዩ ዘሕዝን እዩ። ግን ክንፈትሖ ክንቃለስ ኢና..." ዝብል ሓረግ ቃላት፡ ደቅና፡ ንዘተፈላለዩ ነገራት ከም ዝተጸበዩዎን ዘወጠኑዎን ኩይኑ ምስ ዘይጸንሖም እንጥቀመሉ እዩ። እቲ ነገር ብምጥፍኡ ከኣ፡ ቃንዛኦምን ስምዒታቶምን ብጥቡእ ከም ዝተረዳእናን፡ ንሕና'ውን ከምኦም ሕማቕ ከም ዝተሰምዓናን ብምርኣይ፡ እንተኾነ ግን ንምፍትሑ ክንቃለስ ከም ዘለና ኢና እንምህሮም። ኣብ ክንዲ በቲ ዘጋጠመ ነገር ጥራይ እህህ እናበልካ ምንባርን ተስፋ ምቑራጽን፡ ንኸዕረን ነቲ ደረጃ ንምብጻሑን ዘሎ ተኽእሎ ንምጊሞም፡ ክጽዕሩ ክበኣሓቱን ከም ዘለዎም የዘኻኽር። ኣብ ሰብ ከይተሞርኮሱ ኑብሶም ከህድኡን ከጸናንዑን ዘጀመሩዎ ዕላማ ኣብ ምዕራፉ ከብጽሑ ከም ዘለዎምን ከኣ የረድኡን የእምኑን።

ብፍላይ ቈልዑ ንዘተፈጸመ ሕማቕ ነገር፡ ገዛእ ርእሶም ሓራ ምእንቲ ከውጽኡ፡ ንዘይገበሮ ካልእ ሰብ ክጥቅኑን ክላግቡን እዮም ዝረኣዩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ እቲ ዝጥቀን ዘሎ ሰብ፡ ብዘይ ፈጸሞ ተግባር ማዕረ ክንደይ መቐጸዕቲ ወረዱዎ ይብደል ምህላዉ ኣይኮኑን ዝረኣዩዎም። እቲ ናይቲ ግዜ'ቲ ዝዓበየ ሓይሎም፡ ብኸመይ ነጻ ምኳኖም የርእዩ እዮም ዝውዕልዎ። ኣብ ከምዚ ኣጋጣሚ "ሕጂ ምውቓቓስ ትርጉም የብሉን። ናብ ፍታሕ ጥራይ ነተኩር..." ዝብሉ ሓረጋት ምጥቃም ኣጸቢዕቲ ካብ ምውጥዋጥ እዩ ዘላግሎ።



# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## መሲ ሓድሽ ክብረ-ወሰን ሒዙ

ብሉጽ ተጻዋታይ ዓለም 2019 ኣርጀንቲናዊ ሊዮኔል መሲ ኣብ ግጥም ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ሓድሽ ክብረወሰን ሰይሩ። መሲ ብረቡዕ ምሸት ባርሰሎና ንስላቭያ ፕራግ 2ብ1 ኣብ ዝሰዓረትሉ ግዜ ሹቶ ብምምዝጋቡ'ዩ ኣብ 15 ተኸታተልቲ ጸወታታት ሻምፕዮንስ ሊግ እንተውሓደ ሓንቲ ሹቶ ዘመዝገበ ናይ መጀመርያ ተጻዋታይ ክኸውን በቒዑ ዘሎ።

መሲ ነዚ ሓድሽ ክብረወሰን ንኸሕዝ ዘኽኣሉቶ ሹቶ ኣብ ቀዳሞት ሰለስተ ደቃይቕ ናይቲ ግጥም'ዩ ኣመዝጊብዋ። መሲ ነዚ ክብረወሰን ካብ ኣጥቃዓይ ሪያል ማድሪድ ዝነበረ ስጳኛዊ ራውል ጎንዛለዝ ወሲዱዎ ዘሎ። ብዘይካ'ዚ መሲ ምስ ራውል ብምኳን ኣብ ታሪኽ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ኣብ ቀዳሞት ሰለስተ ደቃይቕ ሰለስተ ሹቶታት ዘመዝገበ ተጻዋታይ ዝብል ክብሪ ክረክብ ክኢሉ'ሎ። መሲ ቅድሚ ሕጂ ኣንጻር ስላቭያ ፕራግ ተጻዊቱ ኣይፈልጥን'ዩ።

ኣብዚ መሲ ፍሉይ ታሪኽ ዝሰሃሉ ምሸት ሓላዊ ልዳት ባርሳ ማርክ ኣንድረ ተር ስተገን መድሕን ጋንታኡ ኮይኑ ኣምሲዩ'ዩ። ንሱ ብፍላይ ሰለስተ ኣብ ሰኪዔት ባርሳ ክረኣያ ዝኽእላ ዝነበራ ኩዕሶ ከፃክን ክኢሉ'ዩ። ኣሰልጣኒ ባርሳ ኤርነስቶ ቫልቨርደ ድሕሪቲ ግጥም "ተር ስተገን ኣብ ሰለስተ ጸወታታት ሻምፕዮንስ ሊግ ብዘርኣዮ ፍሉይ ብቕዓት እቲ ዝበለጸ ተጻዋታይ ናይዛ ጋንታ'ዩ" ክብል መጕሱዎ'ሎ።

ኣብዚ ግጥም ባርሰሎና ከምቲ ዝድለ ንጸወታ ክትቈጻጸር ከም ዘይከኣለት ተንተንቲ ናይዚ ጸወታ ይሰማምዑ። ክሳብ ሕጂ ተኻፊዱ ብዘሎ ናይ ምድብ ጸወታታት ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ባርሳ ካብ ሰለስተ ጸወታታት ሸውዓተ ነጥቢ ብምውህላል ክትመርሖ ከላ ስላቭያ ፕራግ ከኣ ብሓደ ነጥቢ ኣብ ድሕሪት ተሰሪዓ'ላ።

ኣጥቃዓይ ባርሳ ልዊስ ስዋረዝ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ኢጋጢሙዎ ዘሎ ደርቂ ናይ ጎል ኣብዚ ጸወታ'ውን ክርወዮ ዕድል ኣይገበረን። ኣብዚ ናይ ረቡዕ ጸወታ ነታ መሲ ዝዘረማ ቅላዕ መቐጸዕቲ ካብ ሓጺር ርሕቀት ሃሪሙ ባርሰሎና ምሉእ ሰለስተ ነጥቢ ከም ትወስድ'ኳ እንተገበረ ኣብ ኣፍልቢ ፒተር ኦላዩንካ ሃሪማ ብምምዝጋባ ከም ናብ ገዛእ ልዳታ ዝተመዝገበት ሹቶ (own goal) እያ ተሓሲባ ዘላ። በዚ ኸኣ እዚ ተጻዋታይ ኣብ ግጥም ሻምፕዮንስ ሊግ ሹቶ ካብ ዘየመዝግብ 30 ናይ ጸወታ ሰዓታት ሓሊፉዎ'ሎ። ዝሓለፈ ወቕቲ ስዋረዝ ኣብ ኦልድ ትራፎርድ ኣብ ልዕሊ ማንቸስተር ዩናይትድ ዘመዝገባ ሹቶ'ውን ብተመሳሳሊ ብሉክ ሻው ከም ዝተመዝገበት ኣይርሳዕን። ባርሳ ኣብ ዝቐጽል ጸወታኣ ኣብ ካምፕ ኑ ንስላቭያ ፕራግ እንተደኣ ሰዒራታ ግና ብኣግኡ ካብ ኣርባዕተ ጸወታታት ዓሰርተ ነጥቢ ብምውህላል ናብ ዝቕጽል ግጥም ኣውዲቕካ ምሕላፍ ምስጋራ ከተረጋግጽ'ያ።




## ቅነ ስፖርት እ'ዚ ተወርዋሪ ሓይሊ ይቕጽል

ንጥፈታት ስፖርት እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ ብሰሉስ ኣብ ሜዳ መትከል ኣብዮት ኣብ ዝቐጸሉ ንጋንታታት ቶኮርን ቀይሕ ኮኮብን እዩ ኣኣንጊዱ። ፈለማ ናብ ሜዳ ዝወረዳ ተመጣጣኒ ብቕዓት ዝነበረን ተጻወትቲ ደቂ ኣንስትዮ እዘን ጋንታታት እየን። ዝሓሉል ምንቅስቓስ ሒዙ ዝቐረበ ጸወታ እዘን ጋንታታት ብዘይ ዝኾነ ዝጥቀስ ፈተነ ናብ ዕረፍቲ ኣምሪሐን። ድሕሪ ዕረፍቲ ግና ብኣሰልጠንተን ዕቱብ ማዕዳ ዝሰነቓ ክመስላ ክልቲአን ጋንታታት ሓደ ሓደ ፈተነታት ክዝብራ ተራእያ። ተጻዋቲት ጋንታ ቶኮር ራህዋ ጎይትኦም ድማ ኣብ መወዳእታ ደቒቕ ምዙዞም ጸወታ ሹቶ ኣመዝገበት። ቶኮር ነቲ ጸወታ 1ብ0 ብምዕዋት ከኣ ናይ ፈለማ ዓወተን ኣስተማቐራ።

ሰዒቦም ዝተጻወቱ ደቂ ተባዕትዮ እዘን ጋንታታት ሓርፋፍን ቅልጡፍ ናይ ምጥቃዕ ወረን ሒዞም እዮም ጸወታኦም ፈሊሞም። ኣብ ራብዓይ ደቒቕ ተጻወትቲ ቀይሕ ኮኮን ሹቶ ንምርካብ ናብ ልዳት ቶኮር ደጽግዐሉ ኣብ ዝነበሩ ድማ ብመገዲ ኢብራሂም ኢድሪስ ሹቶ ረኺቦም ንጸወታ መሪሖም። ተጻወትቲ ቶኮር ዝተመዝገበቶም ሹቶ ከሕወዩ መጥቃዕቶም ኣሐየሉ። ኣብ መበል 23 ደቒቕ ብሰመረ ሰገድ ሹቶ ስለ ዝረኸቡ ኸኣ ጸወታ ብማዕረ ወጽኢት 1ብ1 ናብ ዕረፍቲ ኣምርሐ።

ድሕሪ ዕረፍቲ ጸወታ እዘን ጋንታታት መሊሱ ሓዩሉ ቀረበ። መርሒኖት እተትሕዝ ሹቶ ንምርካብ ናብ ሓድሕድ ልዳት መጥቃዕትታት ውሓዘ። ኣብ መበል 64 ደቒቕ ግና ተጻወትቲ ቶኮር ብዘፈጠሩዎ ወህደት ብመገዲ ናኣድ ጉብረዝጊኣብሄር ሹቶ ረኸበ። ጸወታ 2ብ1 ቀጸለ። ተጻወትቲ ቀይሕ ኮኮን ወጽኢት ከመዓራርዩ ኸጽ ዝተሓወሶ ጸወታኦም ብፈተነታት ኣሰዩዎ ። እንተኾነ ሹቶ ከየመዝገቡ ናይ መዛዘሚ ፊሽካ ኣርከቦም። ቶኮር ድማ 2ብ1 ክትዕወት ክኣለት።

ኣብ ኩዕሶ መርገብ ድማ ቶኮር ብደቂ ኣንስትዮ 2ብ1 ብደቂ ተባዕትዮ ከኣ 3ብ0 ብምዕዋት ኣብ ልዕሊ ጋንታ ቀይሕ ኮኮን ተደራሪቢ ዓወት ከም ዘስተማቐሩ ክፍሊ ሓበሬታን ንስግስን እዚ ተዋርዋሪ ሓይሊ ሓቢሩ።

## ሳንቸስ 5 ሚሊዮን ፓውንድ ሞቕሸሽ ወሲዱ

ቺሊያዊ ኣጥቃዓይ ማንቸስተር ዩናይትድ ዝነበረ ኣለክሰስ ሳንቸስ ምስ ሞቕሸሽ ተኣሳሲሩ ዝሓለፈ ዓመት ካብ ኦልድ ትራፎርድ 5 ሚልዮን ፓውንድ ዝበጽሖ ገንዘብ ከም ዝወሰደ ጋዜጣ ዘ ሳን ኣፍሊጣ። ሳንቸስ ካብ 27 ጸወታታት ክልተ ሹቶታት ጥራይ ኣመዝጊቡ ክነሱ ክንደዚ ዝኣክል ገንዘብ ካብዛ ኢንግሊዛዊት ጋንታ ምግሓጡ ንብዙሓት ኣገሪሙ'ሎ።

ሳንቸስ ኣብ ናይ ወርሒ ጥሪ ዓመተ 2017/2018 መስርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ ካብ ኣርሰናል ናብ ማንቸስተር ዩናይትድ ሰሙናዊ 4 ሚእቲ ሽሕ ፓውንድ እናተኸፍሎ ክጻወት ብጾ ከም ዝተሰማገረ ዝዘከር ኮይኑ ማልያ ዩናይትድ ወደዩ ኣብ ዝተጻወተለን 45 ዝተፈላለዩ ግጥማት ከኣ ሓሙሽተ ሹቶታታት ጥራይ ከቑጽር ከም ዝኸኣለ ስታቲስቲካዊ ጸብጻባት ኦልድ ትራፎርድ ይሕብሩ።



እዚ ተጻዋታይ ምስ ዩናይትድ ከምቲ ኣብ ኣርሰናል ዝነበሮ ብቕዓት ከንጸባርቕ ከም ዘይከኣለ ይፍለጥ። ሳንቸስ ማልያ ሬድ ዴቭልስ ወደዩ ኣብ 32 ጸወታታት ናይ ፕሪመር ሊግ ሰለስተ ሹቶታት ከመዝግብ ከሎ ሸዱሽተ ከኣ ሹቶ ዝኾና ኩዕሶ ሰሪሑ። ኣብ ግጥም ሻምፕዮንስ ሊግ ከኣ ኣርባዕተ ግዜ ክሰለፍ ከሎ ዝኾነ ሹቶ ግን ከመዝግብ ኣይከኣለን። ብዘይካ'ዚ ኣብ ዝተሰለፈለን ሸውዓተ ናይ ኤፍ ኤ ካፕ ጸወታታት ክልተ ሹቶታታት ከመዝግብ ከሎ ሓንቲ ድማ ሹቶ ዝኾነት ኩዕሶ ከሺኑ።

እዚ ተጻዋታይ እዚ ዓይነት ትሑት ብቕዓት ኣንጸባሪቑ ከሎ'ያ ኸኣ ጋዜጣ ዘ ሳን እሙናት ምንጭታት ብምጥቃስ 4,920,011 ሚሊዮን ፓውንድ ምስ ሞቕሸሽ ዝተኣሳሰር ገንዘብ ከም ዝወሰደ ትሕብር ዘላ። ሳንቸስ በዚ ወሰድዎ ዝበሃል ዘሎ ዝፍ መጠን ገንዘብ ዝኾነ ኣብርክቶ ከይገበረ ሰሙናዊ 100 ሽሕ ፓውንድ ምስ ሞቕሸሽ ዝተኣሳሰረ ግንየ ይረክብ ኔሩ ማለት'ዩ። እዚ ማለት ከኣ እዚ ተጻዋታይ ዝሓለፈ ዓመት ንዩናይትድ ሓሙሽተ ሹቶታታት እንተደኣ ኣመዝጊቡላ ኮይኑ ንሓንቲ ሹቶ ሓደ ሚሊዮን ፓውንድ ይወሃብ ኔሩ ማለት'ዩ።

በዚ ኸኣ ደገፍቲ እዛ ጋንታ ነዚ ፈናንሳዊ ጸብጻብ ድሕሪ ምርኣዮም ርእሶም ክሓኩ ጀሚሮም ኣለው። ሳንቸስ ኣብ ኣርሰናል ኣብ ዝነበረሉ ግዜ ኣብ ልዕሊ'ቲ ክልተ ናይ ኤፍ ኤ ካፕ ወናጩ ምዕታሩ ካብ 166 ጸወታታት 80 ሹቶታት ከመዝግብ ከም ዝኸኣለ ይፍለጥ። እዚ ኽልተ ግዜ ዝበለጸ ተጻዋታይ ኣርሰናል ዝብል ክብሪ ረኺቡ ዝነበረ ሳንቸስ ኣብ 2016/2017 24 ሹቶታታት ከም ዘመዝገበ ኣይርሳዕን። እዚ ኹሉ ክብሪ ረኺቡሉ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ ርብሒ ናይዚ ሕጂ ካብ ዩናይትድ ዝወሰዶ ገንዘብ ከም ዘይረኸበ ብተወሳኺ ይግለጽ። ወዲ 30 ዓመት ሳንቸስ ኣብዚ እዋን ናብ ኢጣሊያዊት ኢንተርሚላን ብመልክዕ ልቓሕ ተሰጊሩ ብምህላዉ ናይ ቅድም ክብሩ ክመልስ ሓያል ጻዕሪ ከም ዘድልዮ ይንገር። ሳንቸስ ዝሓለፈ ሰሙን ንዝገራዊት ጋንታ ቺለ ወኪሉ ኣብ ዝጻወተሉ ዝነበረ ግዜ ኣብ ዓንኮር ዓንካራቱ ብዘጋጠሞ መስበርቲ ንሰለስተ ወርሒ ካብ ጸወታ ክእለ ምኽኣሉ ግን ብሉጽነቱ ከርኢ ዕድል ኣይገበረን።

## ሓጸርቲ ዜናታት

- ፖርቱጋላዊ ሆዝየ ሞሪኖ ዝበለጸ ተጻዋታይ ዓለም ክረቅሕ ኣብ ዝተሓተተሉ ንክሪስቲያኖ ሮናልዶን ሊዮኔል መሲን ጎስዩዎም ሓሊፉ። ናይ ቅድም ኣሰልጣኒ ፖርቶ፡ ቸልሲ፡ ኢንተርሚላን፡ ርያል ማድሪድን ማንቸስተር ዩናይተድን ዝነበረ ሞሪኖ ልዕሊ ሮናልዶን መሲን ንብራዚላዊ ሮናልዶ ናይ ኩሉ ግዜ ብሉጽ ተጻዋታይ ዓለም ክብል'ዩ መሪጹዎ። ሞሪኖ ኣብ ባርሰሎና ከም ተርጓሚ ቦቢ ሮብሶን ኮይኑ ኣብ ዝጸሉ ዝነበረ እዋን ቡቲ ኣቡቲ ግዜ ወዲ 19 ዓመት ዝነበረ ብራዚላዊ ኣጥቃዓይ ይምስጥ ምንባሩ ንላይፍ ስኮር ገሊጹ። ሞሪኖ "ክርስቲያኖ ሮናልዶን መሲን ኣብ ዝሓለፈ 15 ዓመታት ኣብ ቅድሚት ዝሰርዑ ተጻወትቲ እዮም። እንተኾነ ግን ኣብ ውልቃዊ ብቕዓትን ሜላ ኩዕሶ እግርን ንሮናልዶ ናዛሪዮ ዝበልጾ የለን" ክብል ነዚ ኣብ 1997ን 2002ን ዕዉት ባሎን ዲ ኦር ዝኾነ ብራዚላዊ ዝያዳ ከም ዘድንቖ ሓቢሩ።
- ኣብ ናይ ሰሉስ ናይ ሻምፒዮንስ ሊግ ጸወታ ጋንትኡ ኣብ ልዕሊ ኣታላንታ 5ብ1 ኣብ ዝተዓወተትሉ ንፈለማ ግዜ ብሸሙ ናይዚ ውድድር ሃትሪክ ዝሰርሐ እንግሊዛዊ ራሒም ስተርሊን ሓደ ካብ ዝበለጹ ሓሙሽተ ተጻወትቲ ዓለም ምኳኑ ተገሊጹ። ኣብ ውሽጢ 11 ደቃይቕ ሰለስተ ሽቶታት ኣብ ሰኪዔት ኣታላንታ ዘሰራሰረ ስተርሊን ኣብዚ ሓዲሽ ወቕቲ ብድምር 12 ሽቶታት ከመዝገብ በቒዑ ኣሎ። ናይ ቅድም ተኸላኻላይ ማንቸስተር ዩናይትድ ሪዮ ፈራዲናንድ ሓደ ካብ ብሉጻት ተጻወትቲ ዓለም ክብል ኣብ ልዕሊ ስተርሊን ዘለዎ ኣድናቖት ብዘይ ቀልዓለም ገሊጹ'ሎ።
- ፈረንሳዊ ብሉጽ መንእሰይ ተጻዋታይ ፒኤስጂ ኪሊያን ምባፐ ናይ ኣርጀንቲናዊ ሊዮኔል መሲ ክብረ ወሰን ሰይሩ። ምባፐ ጋንትኡ ንብሩጅ 5ብ0 ኣብ ዘሰነወትሉ ናይ ሻምፒዮንስ ሊግ ጸወታ ተቐዪሩ ናብ ሜዳ ብምእታው ሰለስተ ሽቶታት ከመዝግብ ብምኽኣሉ'ዩ ነቲ ብመሲ ተታሒዙ ዝጸንሐ ክብረወሰን ሰይሩዎ። መሲ ብ21 ዓመትን 288 መዓልታትን እቲ ዝኣሰ 15 ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ሽቶታት ዘመዝገበ ተጻዋታይ ምንባሩ ይፍለጥ። ሕጂ ከኣ ኪይላን ምባፐ ብ20 ዓመትን 306 መዓልታትን ሓድሽ ክብረወሰን ይሕዝ።
- ጁቬንቱስ ብሓገዝ ሽቶታት ፓውሎ ድይባላ ካብ ድሕሪት ተበጊሳ 2ብ1 ኣብ ዝተዓወተትሉ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ጸወታ ክሪስቲያኖ ሮናልዶ ሓዲሽ ክብረ ወሰን ካብ ምስናድ ተዓንቂጹ። እዚ ብ CR7 ዝብል ቅጽል ስም ዝልለ ዘሎ ፖርቱጋላዊ ኣጥቃዓይ ክሳብ ሕጂ ን33 ዝተፈላለያ ጋንታታት ኣብ ቻምፒዮንስ ሊግ ሽቶ ከቑጽረለን ብምኽኣሉ ክብረወሰን ሒዙ ከም ዘሎ ይፍለጥ። መቐናቕንቲ እዚ ተጻዋታይ ዝኾነ ሊዮኔል መሲ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ኣንጻር 32 ዝተፈላለያ ጋንታታት ሽቶ ኣመዝጊቡ'ሎ። በዚ ኸኣ ሮናልዶ ብሰሉስ ምሸት ነዚ ጋግ ዘግፍሓሉ ዕድል ኣባኺኑ'ሎ።
- እንግሊዛዊ ተኸላኻላይ ሊቨርፑል ኣለስክሳንደር ኣርኖልድ ኣብ መዝገብ ክብረወሰን ዓለም ሰፊሩ። እዚ ወዲ 21 ዓመት ናይ የማን ተኸላኻላይ ኣብ 2018-19 ዓመተ ስፖርት ካብ ምክልኻል ሓሊፉ ኣብ ፕሪመር ሊግ 12 ንሽቶ ዝኾና ኩዓሶ ብድምር ኣብ ኩሉ ውድድራት ከኣ 16 ኩዓሶ ክኽሽን ብምኽኣሉ'ዩ ኣብ መዝገብ ክብረወሰን ዓለም ክሰፍር በቒዑ ዘሎ።

*ሙሴ ገ/ሄር*

# ምልክታ

በይኩል ገብረሚካኤል - ፋርቱና ኤፍሬም
ናጽነት ደስበለ

## ዞባ ማእከል ኣስመራ

ለተብርሃን ሃይሉ ተኽለ ምባል ተሪፋ፡ ለተብርሃን ሃይሉ ተኽለሃይማኖት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/11/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ሸሪዓ

ከሳሲት ሰመር ሰልሙን፡ ተኸሳሲ መሓመድ ዓሊ ሓሰን ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘላ፡ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይቀሪብካ ግን ንስኻ ኣብዘይብሉ ውሳነ ክውሃብ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣኸርያ

ኣቶ ተስፋማርያም ሃይለ፡ ሓፍትና ወ/ሮ ኣብርሃት ሃይለ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጸሃይ ኣብርሃ ባህታ፡ በዓል-ቤተይ ገብረመድህን ተኽለ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ተስፋማርያም ሃይለ፡ ኣደና ለተብርሃን ገብረንጉስ ዓንደገርግሽ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 14/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ፍጹም ፍስሃየ ተወልደ፡ ኣደና ለተብርሃን ግርማይ ደስታ ስለዝሞተት፡ በዓል-ቤታ ኣቶ ፍስሃየ ተወልደ ናይ መጻምዲ መሰሉ ይተሓለወሉ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣባሻውል

ወ/ሮ ኣስመረት ኣስገዶም ክፍለ፡ በዓል-ቤተይ ኣቶ ነጋሽ ረዳእ ወልደማርያም ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሳባ መንደር ሃይለ፡ ኣደይ ወ/ሮ ህድኣት ገብረእየሱስ ስለዝሞተት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዕዳጋ ሓሙስ

ወ/ሮ ዛፉ መዓሾ ገብረማርያም፡ ነፍ/ጸጋ ገብረመስቀል ኣብ ቑጽሪ 6 ዘላ ለበዋ ዝገደፈትለይ ኣብ ኣስመራ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና ኣፍዓበት ቁ/ገዛ 57 ዝርከብ ብስመይ ዝተመዝገበ ናይ ቤት መግብን መስተን መሸጢ ንግዲ ፍቓድ ቁ/ ASL00000376 ቑጽሪ መዝገብ ASR00000494 ዝወጸ ንግዳዊ ንጥፈት ትካለይ ምስ ሙሉእ መሳርሒ ንብረቱ ኣነ ለበዋ ገዳፊት ክሳብ ብሂወት ዘለኹ ባዕለይ ክጥቀመሉ ብሞት ምስተፈለኹ ንጓኺ ይኹን ኢለን ዝገደፋለይ ለበዋ ይጽደቀለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣኽበረት ገብረሄል፡ በዓል-ቤተይ ተኽለ ተድላ ገብረመድህን ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስላዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰኒት ቃልኣብ ኪዳን፡ ኣቦና ቃልኣብ ኪዳን ጊላዝጊ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ልችያ ገብረሚካኤል፡ በዓል-ቤተይ ኣብርሃ ተስፋማርያም ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ይርጋኣለም ፍስሃየ፡ ወለድና ፍስሃየ ገብሩን ተኽኣ ኣስፍሃን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጎዳይፍ

ኣቶ ኣማኑኤል በርሀ ወልደማርያም፡ ተኸሳሲ ኣቶ በረኸት ኣብርሃ ናይ መኪና ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምንያ ኣብርሃ ስብሃቱ፡ በዓል-ቤተይ ተወልደ ገብረኪዳን ገብረኣብ ስለዝሞተ፡ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ኣብርሃም ሰለሙን ተስፋይ፡ ሓትነይ ወ/ሮ ጽገወኒ መብራህቱ ስለዝሞተት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሳራ ተኸስተ መንገሻ፡ ወደይ ኣሚኒ በላይ ይሕደጎ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ብርኸቲ ሳሙኤል ማና፡ በዓል-ቤተይ ሓጎስ ተስፋጽዮን ሰለሙን ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሰምበል

ኣብ መንጎ ኣቶ ቴድሮስ ኣስጎዶም ወኪል ኣቶ ሮቤል ኣስገዶምን ተኸሳሲት ወ/ሮ ቅሳነት ወልደሩፋኤል ተኪኤን ዘሎ ጉዳይ፡ ተኸሳሲት ኣድራሽኣ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ቂዱሳን ተስፋይ፡ ወዲ ጓለይ ኣማን መድሃኔ ስለዝተሰውአ፡ ውላድ ስለዘይገደፈ ወለዱ ውን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ኣቶ ተስፋሚካኤል ሃይለ ክፍለ፡ ወደይ ተስፋልደት ተስፋሚካኤል ስለዝተሰወአ፡ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 15/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ መርሓኖ

ገብረሂወት ኣብርሃ፡ ሓፍተይ ብርኽቲ ኣብርሃ ስለዝሞተት፡ ከምኡ ውን ኣቦናን ኣደናን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 6 ህልዋት 2 መወቲ ኣሕዋተይን 6 ተተካእቲ ደቆምን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 15/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ገብረሂወት ኣብርሃ መሓሪ፡ ወለድና ኣብርሃ መሓሪን ኣብረሀት ክፍለማርያምን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 6 ህልዋት 2 መወቲ ኣሕዋተይን 6 ተተካእቲ ደቆምን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 15/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዳዕሮ ጳውሎስ

ኣቶ ዘካርያስ ፍረ ኣደና ብርኽቲ ቀሺ ኪዳነ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይን ተተካእቲ ደቆምን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብርሃነ ስልጣን ሓደራ፡ ተጸዋዒ ኣቶ መሓመድ ሳልሕ መሓመድ ናይ መኪና መሸጣ ውዕል ፈጺምና ገንዘቡ ተኸፍሉ ናብ ስመይ ከየሰጋገረለይ ካብዚ ሃገር ስለዝወጸ፡ ተኸሳሲ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ንሱ ኣብ ዘይብሉ ጉዳዩ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጻዕዳ ክርስቲያን

ኣቶ ኪዳነ በርሃ፡ ኣደይ ከበደሽ ወልደስላሰ ስለዝሞተት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሰላዕ ዳዕሮ

ኣቶ ኤሳው መኮነን፡ ኣቦና መኮነን ተኽለማርያም ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ወኪድባ

ወ/ሮ ኣምለሰት መስፍን፡ ወለድና መስፍን ካሕሳይን ረዛን ነጋሲን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ሓወሻ

ወ/ሮ እየሩሳሌም መለሰ ሓጎስ፡ በዓል-ቤተይ ሚኪኤል ትንሱእ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ክትሞውሊዕ

ኣቶ ተወልደ ወልዳይ ተወልደመድህን፡ ሓወይ ገብረእንድርያስ ወልዳይ ስለዝተሰወአ፡ ሓዳር ይኹን ውላድ ስለዘይገደፈ ንሕና 4 ኣሕዋቱ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃውም እንተሎ፡ ን14/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ምምሕዳር ከባቢ ሸዕብ ሰለባ

ወ/ሮ ሂማን ወልድኣብ፡ ወደይ ተወልደመድህን እስቲፋኖስ ስለዝተሰወአ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ኣነ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ሰንጋል ተወልደመድህን ምባል ተሪፉ፡ ሳሚኤል ተወልደመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/19 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ መንደፈራ

ኣቶ ገብረሚካኤል ሰንጋል ምስጉን በዓልቲ-ቤተይ ለምለም ስብሃቱ ተዓረ ስለዝሞተት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ለተኺዳን ዘርእዝጊ ተስፋገርግሽ፡ በዓል-ቤተይ ፍቓዱ ተኸስተ ርእሶም ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቀይ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 28/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገዛ ሓምለ

ወ/ሮ ገርግስ ተኽለ ሃይለ፡ በዓል-ቤተይ ገረንኪኤል ገብርሄት ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 11 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 10/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማይነሃዩግ

ወ/ሮ ግምጃ ወልደሃወርያት ሃይለ፡ በዓል-ቤተይ ክፍላይ ተኽለ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/10/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ጊንዳዕ

ዮርዳኖስ ገብረመድህን ብሕጋዊ ወኪላ ሙሴ ገርግሽ ኣቢላ፡ ዮርዳኖስ ገብረመድህን ህብትዝጊ ምባል ተሪፉ፡ ዮርዳኖስ ህብትዝጊ ገብረመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## Notice

The shareholders **Sam Garment Factory PLC** have conducted an extra ordinary meeting on 8th day of October 2019 to pass the following resolution.

The shareholders, based on the decision of Shariah Court of Zoba Maakel and Memorandum and Articles of Association of the company, resolved that 1540 shares of late Abdelawel Mehamedberhan is devolved to his heirs as follows.

| No | Name of Shareholders | No. of shares | Amount in Nakfa |
|---|---|---|---|
| 1. | Mr. Saleh Mohamedberhan Nebinur | 2040 | 2.040.000 |
| 2. | Mr. Osman Tahir Said | 500 | 500,000 |
| 3. | Mrs. Rumana Naser Mehamed | 97 | 97,000 |
| 4. | Mrs. Feruz Berhane Abraha | 97 | 97,000 |
| 5 | Mrs. Gimja Ali Tewle | 257 | 257,000 |
| 6. | Mr. Remzi Abdelawel | 242 | 242,000 |
| 7. | Mr. Redwan Abdelawel | 242 | 242,000 |
| 8. | Mr. Kemal Abdelawel | 242 | 242,000 |
| 9. | Mr. Ahmed Abdelawel | 242 | 242,000 |
| 10. | Mrs. Amal Abdelawel | 121 | 121,000 |
| | Total | 4080 | 4,080,000 |

**Sam Garment Factory PLC**


# ሓዳስ መጽሓፍ

## All in one

ብተመሃሮ ማእከላይ ደረጃ ብፍላይ ብተፈተንቲ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ዓቢ ጠለብ ዝረከበት፣

- ✓ 300 ገጻት ዝሓዘት
- ✓ ብዝተፈላለየ ዓውደ-ትምህርቲ ዝተመረቑ መምህራንዘሳተፈት
- ➢ ካብ 2013–2018 (ናይ 6 ዓመታት) ናይ English Language, Science, Mathematics and Social studies ናይ ሃገራዊ መርመራ ሕቶታት ምስ ዓሚቑን ገላጺ መብረሂታትን (Detailed notes) መልሱን ሒዛ ኣብ ዕዳጋ ተዘርጊሓትልኩም ኣላ።

ቁ. ቴለፎን 07278776/ 07204551 ተወከሱና።





## ምልክታ

ኤልሳ ጎይትኦም ገብረሚካኤል ወራሲት ነፍ/ ዛይድ ገብረዝጊ ሃብቱ ዝኾንኩ ነቲ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ገጀረት ጎደና 751-9 ቁ.ገዛ 8 ዝርከብ ብቑጽሪ ንግዲ ፍቓድ ዋኒን ASL00004831 ብቑጽሪ ንግዲ መዝገብ ASR00005565 ብስም ወላዲተይ ነፍ/ ዛይድ ገብረዝጊ ዝተመዝገበ ናይ ሃለኽቲ ኣቕሑት መሸጢ ድኳን ክሰርዞ ስለዝደለኹ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ንግድን ኢንዳስትርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀረቡ ሰነዳተይ ኣቕሪበ ነቲ ንግዲ ፍቓድ ክሰርዞ ምዃነይ ይሀብር።

ኤልሳ ጎይትኦም ገብረሚካኤል

## ምልክታ ንደለይቲ ስራሕ

ትካል ቴክኖ ጋርደን ሰንተር (እንዳ ኣፍራስ ) ሰራሕተኛታት ክቖጽር ስለዝደለየ እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልታት ሰነዳትኩም ሒዝኩም ናብ ቤት ጽሕፈትና ክትቐርቡ ንሕብር።

ማናጀር ባርን ሬስቶራንትን ብዝሒ= 1

1. ጾታ = ተባዕታይ
2. ደረጃ ትምህርቲ = 12+2 ወይ ካብኡ ንላዕሊ
3. ናይ ቴሪዝም ሰርቲፊኬት ወይ ዲፕሎማ ዘለዎ
4. ተመክሮ ስራሕ 4 ዓመት
5. ሃገራዊ ጉቡእ ዝፈጸመ ወይ ዘይምልከቶ

ካሸር ብዝሒ = 2

1. ጾታ = ኣንስታይ
2. ደረጃ ትምህርቲ = 12 ወይ ካብኡ ንላዕሊ
3. ናይ ሕሳብ ሰርቲፊኬት ወይ ዲፕሎማ ዘለዎ
4. ሃገራዊ ጉቡእ ዝፈጸመት ወይ ዘይምልከታ

ወይተር ብዝሒ = 6

1. ጾታ = ኣንስታይ
2. ደረጃ ትምህርቲ = ብውሑዱ 12 ክፍሊ ዝወደአት
3. ናይ ቴሪዝም ሰርቲፊኬት ወይ ዲፕሎማ ዘለዋ
4. ሃገራዊ ጉቡእ ዝፈጸመት ወይ ዘይምልከታ

ምምሕዳር ቴክኖ ጋርደን ሰንተር

## ምልክታ ጨረታ

ኩባንያ ስርሒት ሓጺንን ዕንጸይትን ሰምበል ንኣብ ትሕቲኡ ዝመሓደር ቤት ሻሂ ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክካርዮ ስለዝደለየ ንግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም።

ተጫረቲ ክማልኦን ክፈልጦን ዘለዎ ነጥብታት፡

1. ናይ 2019 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ፡ ክምኡ ውን ግብሪ መንግስቲ ናይ 2018 ዝኸፈለን ምስ ቀዳሕ ኤርትራዊ መንነት ወረቐት።

2. ተጫረቲ ብውሑዱ ናይ 3 (ሰለስተ ) ዓመታት ተመኩሮ ስራሕ ዘለዎ።

3. ናይ ጨረታ ሰነድ ካብ ቤት ጽሕፈት ኩባንያ ስርሓት ሓጺንን ዕንጸይትን ሰምበል ክፍሊ ንግዲ ምውሳድ ይከኣል።

4. ተጫረቲ ናይ ዘቐረቦ መጫረቲ ዋጋታት ብስታሪት ዓሺጉ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኩባንያ ስርሒት ሓጺንን ዕንጸይትን ሰምበል ክፍሊ ንግዲ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት የረክብ።

5. ተጫረቲ ንመኽበሪ ጨረታ ናቕፋ 10,000(ዓሰርተ ሽሕ ናቕፋ) ቼክ ብ(CPO) ዝተዳለወ ትሕጃ የትሕዝ።

6. ተጫረቲ ሃገራዊ ግቡኣት ዘማለአ (ዝፈጸመ) ወይ ዘይምልከቶ ምዃኑ መረጋገጺ ክቐርብ ይግባእ።

7. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸኣሉ ዕለት ኣትሒዙ ን10 ተኸታታሊ ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ መበል 11 ናይ ስራሕ መዓልቲ ሰዓት 9፡00 ቅ፡ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላት ኣብ ዘለዉሉ ኣብ ቤት ጽሕፈት ትካል ይኽፈት።

8. ኩባንያ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተድኣ ረኺቡ ነዚ ጨረታ'ዚ ብኸፊል ወይ ብምሉኡ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኩባንያ ስርሓት ሓጺንን ዕንጸይትን ሰምበል

## ምልክታ ጨረታ

ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ ነፍሒ ኣብ ቀለብ ተማሃሮ ንዓመት 2020 ዝውዕል 1. ኣሕምልትን ፍረታትን 2. ስጋ ከብቲ 3. እንቓቑሖ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደለየ፡ ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም።

ተጫረትቲ ክማልእዎ ዘለዎም ረቛሒታት

1. ፎቶ ኮፒ ናይ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን ፎቶ ኮፒ ታሴራን የቕርቡ።

2. ተጫረትቲ ዘይምለሰ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ይወስዱ።

3. ንመኽበሪ ጨረታ ዝኸውን ዓይነት ቀለብ ኣሕምልትን ፍረታትን ስጋን ንዝፍሲ ወከፍ 200,000.00 (ክልተ ሚኢቲ ሽሕ) ንእንቓቑሖ ከኣ 100,000.00 (ሚኢቲ ሽሕ) ብሲ.ፒ.ኦ(CPO) ኣሰሪሖም የቕርቡ።

4. ጨረታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ንዓሰርተ ሓሙሽተ(15) ተኸታተልቲ መዓልታት ክፉት ኮይኑ ንጽባሒቱ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ይኽፈት።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ሃየ ዕድጊ ብምምጻእ ወይ ብቑጽሪ ስልኪ 08202691 ብምድዋል ምውካስ ይከኣል።

ትካልና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብከፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ ነፍሒ

## ሓበሬታ

### ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ፡ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴሌፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 - 12፡00 ቅድሚ ቀትሪ ምሸት ካብ 2፡00 - 6፡00 ድሕሪ ቀትሪ ብቁ/ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ/ሳ/ፖስጣ 5537፡ E-mail; bidhonational@gmail.com

ሰቕታ ጎዳኢ ስለዝኾነ፡ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ።



ታደሰ ተኽለ

# ኤውሮጳ፡ ምስረታ ሕዙእ ዞባ ቱርኪ ትነጽግ



ባይቶ ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ ቱርኪ ናብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሶርያ ሰራዊታ ብምእታው፡ 'ዞባ ሰላም' ኢላ ዝሰመየቶ ክፋል ሶርያ ንምሕዛእ እትካይዶ ዘላ ምንቅስቓሳት ብምንቃፍ፡ ኣብ ልዕሊ ቱርኪ ፋይናንሳዊ እገዳ ክዝበር ይዳሎ ከምዘሎ ተሓቢሩ።

ሃገራት ኤውሮጳ፡ ነቲ ናይ ቱርኪ ወተሃደራዊ ምንቅስቓስ ክቃወሙ እኳ እንተቐነዩ፡ ብዛዕባ ክውሰድ ዘለዎ ስጉምቲ ግና ኣብ ሓደ ሓሳብ ክመጹ ኣይከኣላን።

እቲ ባይቶ፡ ብዛዕባ ጉዳያት ወጻኢ ውሳነ ወይ ፖሊሲ ኣብ ምውጻእ እኳ ስልጣን እንተዘይሃለዎ፡ ናብ ቱርኪ ዝውሃብ ዝነበረ ናይ ገንዘብ ምወላ ከቋርጽ ከም ዝኽእል ምንጭታት ይሕብሩ።

ቱርኪ እትሓዝዞ ዘላ 440 ኪሎ-ሜተር ንውሓት ዘለዎን 30 ኪሎ-ሜተር ናብ ውሽጢ ሶርያ ዝኣተወን መሬት፡ መሓዛ ሶርያ ምስ ዝኾነት ምስ ሩሲያ ብሓባር ክቆጻጸራኦ ኣብ ስምምዕ ምብጻሖን ይዝከር።

ሩሲያ፡ ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ ኣንጻር ዳዕሽን ኣንጻር ምምሕዳር ደማስቆን ዝዋግኡ 'ዋይፒጂ' እናተባህሉ ዝጽውዑ ዕጡቓት ኩርዲ፡ ካብቲ ከባቢ ክወጹን ካብ 30 ኪሎ-ሜተር ክርሕቁን ከተተግብሮም ምቕናያ ይፍለጥ።

ኣብ ባይቶ ኤውሮጳ ዘለዉ ፖለቲከኛታት ከም ዝሰማምዕሉ ትጽቢት ዝግበረሉ - በቲ ባይቶ ቀሪቡ ዘሎ ንእገዳ ዝምልከት እማመ፡ ቱርኪ ውጽኢት ሕርሻ ናብ ኤውሮጳ ከተእቱ ክግበረላ ዝጸንሐ ሓለፋታት ክድስከል ዝጽውዕ እዩ።

ኣብ ምውሳን ክፍሊት ቀረጽ ተገይሩ ዝጸንሐ፡ ልዕሊ 222 ቢልዮን ዶላር ዘውጽእ ዓመታዊ ንግዲ ዘጠቓልል - ናይ ጉምሩኽ ስምምዓት እውን ክቋረጽ እቲ ባይቶ ጸዊዑ ኣሎ።

ባይቶ ኤውሮጳ፡ እቲ ቱርኪ ክትሓዝዞ እትደሊ ስፍራ፡ ኣብ ትሕቲ ትሕጃ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ክኣቱ እዩ ዝደሊ።

ኣብ ውሽጢ ቱርኪ ዝተዓቚቡ - ኣስታት 3 ሚልዮን ሶርያውያን ስደተኛታት ከም ዝርከቡ ዝፍለጥ ኩይኑ፡ ቱርኪ እንተፈንያቶም ንኤውሮጳ ከዕቅልቕሎዋ ከም ዝኽእሉ ይግመት።

# ቻይና፡ ብብዝሒ ሃብታማት ትመርሕ

ብደረጃ ሃብቲ፡ ኣብ ጸፍሒ ላዕለዎት 10 ሚእታዊት ካብ ዝርከቡ ሰብ፡ማል፡ ቻይናውያን ካብ ኣመሪካውያን ንላዕሊ በዚሖም ከም እተረኽቡ ጸብጻብት ሓቢሮም።

ቻይና፡ ብደረጃ ብዝሒ ሃብታማት፡ ካብ ሃገራት ዓለም ቀዳምነት ሒዛ ከምዘላ፡ ኣብዚ እዋንዚ 100 ሚልዮን ቻይናውያን ኣብ ቀዳማይ ጸፍሒ ሃብቲ ከም ዝርከቡን ተፈሊጡ።

ኣመሪካ፡ ቅድሚ ሕጂ ካብ ዝነበሩ ወሃንቲ ሚልዮናረ ኣብዚ እዋን ዝጠዘሉ ከም ዝርከብዋ ዝሕብሩ ጸብጻብት፡ ብዝሖም ልዕሊ 18 ሚልዮን ሓሊፉ ከምዝሎ የረድኡ።

ጥንኩታት ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ዓማዊል ዝሕልፉኦ ትሑት ቀረጽ፡ ኣብ ኣመሪካ ሚልዮነራት ክጠዝሉ ከም ዝሓገዘ ምንጭታት የረድኡ።

# ባንግላዴሽ - ብሓንቲ ገበን 16 ሰባት ሞት ተበይኑሎም

ንሓንቲ ጓል 19 ዓመት ተመሃሪት ከምዝቐተሉ ጭቡጢ ዝተረኽቦም 16 ሰባት፡ ቤት-ድርዲ ባንግላዴሽ ናይ ሞት መቕጻዕቲ ከም ዝበየነሎም ተሓቢሩ።

እዛም ካብ ዓባ ርእሲ-ከተማ ባንግላዴሽ፡ ኣስታት 160 ኪሎ-ሜተር ርሒቓ ኣብ እትርከብ ፈኒ ኣብ ዝተባህለት ከተማ፡ ኣብ ሚያዝያ ሓንቲ ተመሃሪት ንምቕታል ዘዋደዱን ዝተሳተፉን 16 ሰባት፡ ብሞት ክቕጽዑ ቤት-ፍርዲ ውሳነ ሂቡ ኣሎ።

ኑስራት ራፊዑ ናይ እትመሃረሉ ቤት ትምህርቲ ኣካያዲ ስራሕ (ዳይረክተር) ብዘይፍትዋ ደጋጊሙ ኣካላታ እናተናኸፈ ምስ ኣሸገራ፡ ምስ ወለዳ ተማኺራ ናብ ፖሊስ ከይዳ ስለዝኸሰሰት ኣብታ ከተማ ከም ዓቢ ነውሪ ክዝረብ ቀንዩ።

ኑስራት፡ ክሳ ክትሰሕብ ካብ ሓያሎ ወገናት መፈራርሒ ክቐርበላ ጸኒሑ። ንሳ ግን እቲ ተኸሳሲ ብዘይድልየታ ግቡእ ዘይኮነ ምትንኻፍ ምኽያዱ፡ ኣገዳሲ ክብረታ ዝተንከፍ ኩይኑ ስለዝረኸበቶ ክሲ ከም ዘይተቋርጽ ደጋጊማ ገሊጻ።

እቲ ተኸሳሲ፡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኩይኑ ብዘዋደዶ ስርሒት፡ ርእሰ ቅትለት ከም ዝፈጸመት ኣምሲሎም ሓያሎ ሰባት ተሓባቢሮም ኣብ ኣካላታ ላምባ ኣፍሲሶም ኣቃጺሎምዋ። ኣብቲ ዝደየትሉ ወዲቓ ክትመውት ትጽቢት ገይሮም እኳ እንተነበሩ፡ ብሃልሃልታ እናተሉበለበት ብጉያ ሱብ ናብ ዘለዎ ብምኻድ፡ መንነት ቀተልታ ሓቢራ። ዝሃበቶ ቃል እውን ብሞባይል ካሜራ ተቐሪጹ።

ካብቶም ናይ ሞት መቕጻዕቲ ዝተፈርደዎም ክሱሳት፡ ሰለስተ መማህራንን ምስቲ ክሱስ ዝዓናገጸ ክልተ መማህርታ ኣዋልድን ይርከቡ። ርእሰ ቅትለት ከም ዝፈጸመት ከውርዩ ዝቐጽዑ ኣባላት ፖሊስ እውን፡ ካብቶም ብሞት ክቕጽዑ ዝተወሰነሎም ምዃኖም ምንጭታት እቲ ከባቢ ሓቢሮም።

ናብ ፖሊስ ከይዳ ክትጠርዕ ዘተባብዖዋ ዝነበሩ ስድራቤት ኑስራት፡ በቲ ዝተዋህበ ፍርዲ ከም እተሓጎሱን እቲ መቕጻዕቲ ብቕልጡፍ ክፍጸም ከም እተላበዉን ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣብታ ዓቃባዊ ሃይማኖታዊ ባህሊ ዘለዋ ባንግላዴሽ፡ ጾታዊ መጥቃዕቲ ደቂ-ኣንስትዮ ልሙድ ምዃኑ ጸብጻብት ይሕብሩ። ብዛዕባ ዘጋጥመን ከይሕብራ ወይ ከይጠርዓ ኸኣ ምፍርራሕ ከምዝዝመጸን ይንገር። ኑስራት ናብ ፖሊስ ከይዳ ጥርዓን ኣብ ዘቕረበትሉ ግዜ ዝሃበቶ ቃል፡ ብሞባይል ዝቐድሐ ኣባል ፖሊስ፡ ብመርበብ ሓበሬታ ዘርጊሑዎ።

ብድሕሪዚ፡ ነቲ መምህር ዝደገፉን ንኡስራት ዝደገፉን ናይ ተቓውሞ ሰልፍታት፡ ነታ ሃገር ኣጨኒቖምዋ።

ቀዳመይቲ ሚኒስተር ባንግላዴሽ ሸይኻ ሓሲና ድማ፡ ካብቶም ገበነኛታት ሓደ እኳ ካብ ሕጊ ክሃድም ከም ዘይክእል ብትሪ ኣፍሊጣ።

እቲ ዝተዋህበ ፍርዲ፡ ኣብታ ሃገር ክፍጸም ዝጸንሐ ንደቂ-ኣንስትዮ ዝሕሰር ግኑይ ልምዲ ከም ቀደሙ ክቕጽል ከምዘይክእል ኣብ ርእሲ ምሕባሩ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ብዘይድልየተን ክብረተን ዝጥርድ ልምድታት ከይጻወራ ዘተባብዕ መልእኽቲ ምዃኑ ምንጭታት የረድኡ።



# ዒራቕ፡ ብዘይኣፍልጦኣ ዝኣተዉ ሰራዊት ኣመሪካ ክወጹ ትሓትት

ዒራቕ፡ ሰራዊት ኣመሪካ ካብ ሶርያ ግዝኣ ናብ ዒራቕ ምስጋሩ፡ ኣህጉራዊ ሕጊ ዝጥሓሰ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ዓለም-ለኸ ማሕበረሰብን ሕቡራት ሃገራትን ብሾቕታ ከየርእዩዎ ጸወዒት ከም ዘቕረበት ምንጭታት ሩሲያ ሓቢሮም።

እቶም ናብ ዒራቕ ዝሰለኹ ሰራዊት ኣመሪካ፡ ብዘይ ፈቓድ መንግስቲ ዒራቕ ከም ዝኣተዉ ዝገለጹ ሰቡመዚ ዒራቕ፡ ሕጋዊ ስጉምቲ ክወስዱ ይዳለዉ ከም ዘለዉ ገሊጾም።

ሚኒስተር ምክልኻል ኣመሪካ ማርክ ኢስፐር፡ ካብ ሶርያ ዝወጹ ሰራዊት ኣመሪካ፡ ናብ ዒራቕ ዝኣተዉሉ ምኽንያት ናብ ሃገሮም ክምለሱ ምድላዋት ንምግባር ከም ዝኾነን ኣብ ዒራቕ ናይ ምጽናሕ መደብ ከም ዘይብሎምን እዩ ዝገለጸ። ክሳብ መዓስ ክጸንሑ ከም ዝኽእሉ ግና ኣይሓበረን።

ብመሰረት ምስ ዒራቕ ዘለዋ ስምምዕ ኣመሪካ 5 ሽሕ ወተሃደራት ኣብ ዒራቕ ኣዕስኪራ ምህላዋ ምንጭታት ይሕብሩ።




# እስራኤል - ሓድሽ ካቢነ ክምስረት ኣይተኻእለን

ሓድሽ መንግስቲ ክምስርት ብፕረዚደንት እስራኤል ፈቓድ ተዋሂቡዎ ዝጸንሐ በንያሚን ናትናያሁ፡ ናይ ሓባር መንግስቲ ክቐውም ዝኽእል ናይ ሰልፍታት ደገፍ ብምስኣኑ ከምዝቋረጸ ተሓቢሩ።

ፕረዚደንት እስራኤል፡ ንመራሒ ሰልፊ 'ሰማያውን ጻዕዳን' ጀነራል ቤኒ ጋንዝ፡ ሓድሽ መንግስቲ ክምስርት ጸዊዒት ከቕርበሉ ከም ዝኽእል ትጽቢት ይግበር።

እስራኤል ክልተ ሳዕ ኣብ ዘካየደቶ ምርጫታት፡ ኣብቲ 120 መናብር ዘለዎ ባይቶ 61 መናብር ክሕዝ ዝኽእል ዓብላሊ ሰልፊ ኣይተረኽበን።

ኣብ ዝሓለፈ መስከረም ኣብ ዝተኻየደ ምርጫ፡ ናትናያሁ ዝመርሖ ሰልፊ ሊኩድ 32 መናብር ጥራይ ብምርካቡ፡ ምስ ካልኦት ሰልፍታት ጥምረት ብምግባር፡ ኣብ ባይቶ ዓብላሊ መናብር ንምሓዝ ፈቲኑ ኣይሰለጦን።



ኣብ ባይቶ 33 መናብር ረኺቡ ዘሎ ብቤኒ ጋንዝ ዝምራሕ ሰልፊ ኸኣ፡ ምስ ሰልፊ ሊኩድ ናይ ሓባር መንግስቲ ክምስርት ኣይደለየን። ናትናያሁ ደጋጊሙ ከም ዝሓተቶን ከም ዝኣበየን እዮም ምንጭታት ዝሕብሩ።

ፕረዚደንት እስራኤል - ሩቨን ርቭሊን ቤኒ ጋንዝ መንግስቲ ክምስርት ናይ 28 መዓልታት ዕድል ክህቦ እዩ። ኣብቲ ባይቶ ዝርከቡ ናይ እስራኤላውያን ኣዕራብ ሰልፍታት፡ ንቤኒ ጋንዝ ከም ዝድግፉ እኳ እንተሓበሩ፡ ቤኒ ጋንዝ 61 መናብር ክረክብ ካልኦት ሓያሎ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ክተሓባበሩ ኣለዎም።

ምስ ሰልፊ ሰማያውን ጻዕዳን ጥምረት ብምግባር - 61 መናብር ክሕዝ ዝኽእል ፖለቲካዊ ሓይሊ እንተዘይተፈጢሩ፡ እስራኤል ኣብ ውሑዳት ኣዋርሕ ናብ ሳልሳይ ባይቶኣዊ ምርጫ ምኻዳ ከምዝይተርፍ ጸብጻብት የረድኡ።

በንያሚን ናትናያሁ፡ ናይ ሓባር መንግስቲ ክምስርት ክኢሉ እንተዘይከውን፡ ንኽልተ ዓመት ቀዳማይ ሚኒስተር ኮይኑ ስለዝጸንሕ በቲ ዝቐረበሉ ዘሎ ናይ ብልሽውና ክሲታት ቤት-ፍርዲ መጸዋዕታ ክህቦ ኣይምኸኣለን።

ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ
ፋርማሲ ሲቪል | 25/10/2019 | ጎደና ናቕፋ ቁ.33 ጥቓ እንዳ ኣልፋ | 120601
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565